

# እንጌራ ህይወት

11

ኢየሱስ በሎም፡ እንጌራ ህይወት አነ እየ።
ናባይ ዝመጽእ ኣይጠምን፡
ብኣይ ዝኣምን ከአ ከቶ ኣይጸምእን ኢዩ። ( ዮሃ 6:35 )

# ትሕዝቶ

1 ተነባቢ ህይወት

16 ኣገልጋልን ኣገልግሎቱን

25 ኒቆዲሞስ፡ ሕቡእ ጋሻ!!

### ለበዋ

ክምለሰልኩም እትደልይዎ ሕቶ፡ ክተቐርብዎ እትደልዩ ርእይቶ፡ ክትውፍይዎ እትደልዩ ኣበርክቶ፡ እንተልዩ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትልእኩ እላቦ።

ኣድራሻ፡-
ዶ/ር ተኸለኣብ መንግስተኣብ
ቁ.ሳ.ፖ. 1966
ኣስመራ-ኤርትራ

ኣሰናዳኢ
ዶ/ር ተኸለኣብ
መንግስተኣብ

ብሓልዮት መካነ ህይወት
መድሃኔ ዓለም ኦርቶዶክስ
ተዋህዶ ቤተክርስትያን
ትምህርቲ ሰንበት ዝዳሎ
መጽሄት

# ዕላማ

እዛ መጽሄት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ዝርከብ ኣርእስትታት ትምህርታዊ ብዝኾነ መልክዕ በብሓደ እናጸሓፍካ፡ ኣብ ቤተክርስትያን ይኹን፡ ኣብ ኣባይትና ብውልቂ ይኹን ብሕብረት ደረጃ ኣብ ዝግበር መጽናዕትታት ከም ሓጋዚ ማተርያል ኮይና ምእንቲ ክተገልግል ተባሂላ ዝተዳለወት መጽሄት እያ።

<u>መተሓሳሰቢ</u>

ስም ናይ ጸሓፊ ኣብ ትሕቲ እቲ ኣርእስቲ እንተዘይተጻሒፉ ብኣሰናዳኢ ናይዛ መጽሄት ዝተጻሕፈ ምዃኑ እሕብር።

# ትነባቢ ህይወት

## መእተዊ

መጽሓፍ ቅዱስ ኣዝዩ ሚዛናዊ መጽሓፍ እዩ። ንኹልቲኡ ገጽ ናይ ሓንቲ ሳንቲም ብሚዛን ዝገልጽ ፍትሓዊ መጽሓፍ እዩ። እቶም ሚዛንና ዝዘምብዐ፡ ፍትሒ ዝጎድለና ሰባት ግን ብኣዘራርባና ብኣተሓሳስባና ኮነ ብተግባርና ዘይፍትሓዊ ከነምስሎ ከሎና ሓጢኣትና ድርብ እዩ ዝኸውን። እቲ ቀዳማይ ሓጢኣት እቲ ንሕና ንርእስና ዘይሚዛናውያን ምኳንና ክኸውን ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ሓጢኣት ከኣ ነቲ ሚዛናዊ ቃል፡ ዘይመልከዉ ሂብና፡ ዘይፍትሓዊ መጽሓፍ ምግባርና እዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ ግን ፍትሓዊ ጥራይ ዘይኮነስ ክውንነታዊ'ውን እዩ። ክትግበር ዘይክእል ኣብ መዓላ ዘይውዕል ሓቂ ገሊጹልና ኣይፈልጥን'ዩ። ንምጸሩ ዝምችእ ዘዕርፍ ጾር ዘጹረና፡ ክብጸሕ ናብ ዝኽእል ምዕራፍ ዝመርሓና፡ ክብላዕ ብዝኽእል ብልዒ ዝምግበና ክውንነታዊ እዩ። እዚ ክብል ዝደረኸኒ፡ ብዘይካ ብእምነት ምጽዳቕ ካልእ ዘይሓስብ፡ ግብሪ ነጸብራቕ ናይታ ብእምነት ዝጸደቐት ነፍሲ ምኳኑ ዝዘንግዐ ቅዱ ህይወት ኣብ ማእከል ኣመንቲ እናበዝሐ ይኸይድ ምህላው እዩ። ክርስትና ኣብ ህዋ እምበር ኣብ ምድሪ ዝንበር ዘይመስሎ ወለዶ ይዓቢ ምህላው ኣዝዩ ዘሰክፍ እዩ። እዚ ድማ ንምድራዊ ጽላት ናይ ህይወትና ኣዝዩ ዘበላሹ ሕማቕ ማይ ብሑቕ እዩ።

## ጽድቂ ብእምነት እዩ

ሰብ ብእምነት እምበር ብግብሪ ከምዘይጸድቕ እቲ ዓንዲ ማእከል ዝኾነ ናይ ክርስትና ሓቂ እዩ። ብዘይካ ብእምነት ብኻልእ ዝጸደቐ ዝኾነ ይኹን ሰብ ከምዘየለ ድማ ብሩህ እዩ። እዚም ዝስዕቡ ጥቕስታት ነዚ ሓቂ'ዚ ኣነጺሮም ዝገልጹልና እዮም። 'ብቲ ብኢየሱስ ክርስቶስ ዝርከብ በጃ ምሕላፍ ብኸምኡ ብጸጋኡ ይጸድቁ።' (ሮሜ፡3፡24)። 'ንሱ (ክርስቶስ) ጻድቕ ክኸውን ካብ እምነት ኢየሱስ ንዘበለ'ውን ከጽድቕ ሕጂ ኣብዚ ዘመን እዚ ጽድቁ ክገልጽ እዩ' (ሮሜ፡3፡26)። 'ኣብርሃም ብግብሪ ጸዲቑ እንተዝኸውንሲ ገለ ዝምክሓሉ ምረኸበ ነይሩ፡ ኣብ ቅድሚ እምላኽ ግና ሓንቲ እኳ የብሉን። እቲ ጽሑፍከ እንታይ ይብል? ኣብርሃም ብእግዚኣብሄር ኣመነ እሞ፡ እዚ ጽድቂ ኮይኑ ተቘጸረሉ' ይብል። ነቲ ዝገብር ሰብ ግና ዓስቡ ከም ዕዳ ኮይኑ እዩ እምበር፡ ከም ጸጋ (ውህበት) ኣይኮነን ዝቝጸረሉ። ሰብ ሰናይ ግብሪ እኳ እንተዘይብሉ፡ በቲ ንሓጢኣተኛታት ዘጽድቕ እምላኽ እንተኣሚኑ፡ እቲ እምነቱ ጽድቂ ኮይኑ ይቝጸረሉ እዩ' (ሮሜ፡4፡2-5)። 'ሰብ ብእምነት ብኢየሱስ ክርስቶስ እምበር፡ ብግብሪ ሕጊ ከምዘይጸድቕ ካብ ፈለጥና ግና፡ ኩሉ ሰብ ብግብሪ ሕጊ ዘይጸድቕ ስለዝኾነ ንሕና ከኣ ብግብሪ ሕጊ ዘይኮነስ ብእምነት ክርስቶስ ምእንቲ ክንጸድቕ

ብክርስቶስ እመንና' (ገላ:2:16)። 'ግናኸ እቲ ጻድቕ ብእምነት ህያው ክይኑ ክነብር እዩ እሞ፡ ብሕጊ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሓደ እኳ ከምዘይጸድቕ ግሁድ እዩ' (ገላ:3:11)።

እዚ ኹሉ ጥቕስታት እዚ ዝተጻሕፈሉ መጽሓፍ እናእንበበ፡ ሰብ ብግብሩ'ዩ ዝጸድቕ ኢሉ ክእምን ኣጸጋሚ እዩ። ከምቲ ቅዱሳት ጽሑፋት ዝገልጹልና፡ ክርስቶስ (ወዲ) ዘለዎ ህይወት ኣለዎ፡ ክርስቶስ ዘይብሉ ግን ህይወት የብሉን። እቶም ብክርስቶስ ኢየሱስ ዘየለው ኩሎም ብበደሎም ምውታት እዮም። ምውት ኣካል ክንቀሳቐስ ክሰርሕ ክዛረብ ክሰርሕ ከምዘይክእል እታ ብበደላ መንፈሳዊ ሞት ዝሞተት ነፍሲ'ውን ግብሪ ጽድቂ ክትገብር ኣይክእላን እዩ። ስለዚ ቅድሚ ዝኾነ ዓይነት ፈተነ ምግባራ፡ ኣቐዲሙ ህይወት ክዝርኣላ ይግባእ። ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ ኤፌ:2:1-5 'ንስኻትኩም ቀደም ከም ንብረት እዛ ዓለም እዚኣ፡ ከምቲ መንፈሱ ሕጂ ኣብቶም ደቂ ዘይምእዛዝ ዚገብር ዘሎ ሓለቓ ስልጣን ኣየር እተመላለስኩም፡ ብበደልኩምን ብኣበሳኹምን ምዉታት ዝነበርኩም፡ ንኣኻትኩም ህያዋን ገበረኩም። ንሕና ኹላትና ከኣ ነቲ ናይ ስጋን ናይ ሓሳባትን ድሌት እናገበርና ቀደም ብትምኒት ስጋና ምሳታቶም ንነብር ነበርና። ከምቶም ካልኦትውን ብባህርይና ደቂ ቝጥዓ ነበርና ግናኸ እቲ ብምሕረት ሃብታም ዝኾነ ኣምላኽ፡ ምእንቲ እታ ብእኣ ዘፍቀረና ዓባይ ፍቕሩ፡ ንኣና ብበደልና ምውታት ከሎናስ ምስ ክርስቶስ ህያዋን ገበረና። ብጸጋ ኢኹም ዝደሓንኩም፡' ኢልዎ ዘሎ ንሕና ብበደልና ምውታት ከሎና፡ ክርስቶስ ብጸግኡ ብሞቱ፡ ካብ ሞት ኣድሒኑናን ኣጽዲቑናን እዩ። ክርስቶስ ነቲ ሞትና ወሲዱ ህይወቱን ጽድቁን ምስ ሃበና ኢና፡ ህያው ግብሪ ክንገብር እንኽእል። ስለዚ ድማ ነይታ 'ግብሪ ኣምላኽ ክንገብርሲ እንታይ ንግበር ምስ በልዎ' ግብሪ ኣምላኽሲ በቲ ዝለኣኾ ወዱ ምእማን እዩ' ዝበሎም (ዮሃ:6:28,29)። በቲ ኣብ ዝለኣኾ ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ በቲ ንሱ በጃና ኮይኑ ኣብ መስቀል ዝሰርሖ ናይ ድሕነት ስራሕን ዝኣመነ ሰብ ኩሉ፡ በቲ ብኢየሱስ ክርስቶስ ዝርከብ በጃ ምሕላፍ ብኸምኡ ብጸጋኡ ይጸድቕ። ሓደ ብበደሉ ምኽንያት ዝሞተ ሰብ፡ ህይወት ዝዘርኣሉ ምስ ረኸበ እዩ ህያው ግብሪ ክገብር ዝኽእል እምበር ካብ ሞቱ ባዕሉ ተንሲኡ ሰናይ ግብሪ ክገብር ዝኽእል ነይሩ እንተዝኸውን እሞ፡ ብቐደሙውን ኣይምሞተን ነይሩ፡ ክርስቶስ'ውን ክመውት ኣይመድለዮን ነይሩ።

## ብዛዕባ ግብሪ ዝንበር እምነት የለን

እዚ ሓቂ'ዚ ነቲ ዘይብል መጽሓፍ ቅዱሳዊ መሰረት ዘለዎ ኮይኑ ናይ ዘመንና ክርስትያን ዝዘንግዖ ነገር ግን ኣሎ። እቶም ናይ ጥንቲ ኣመንቲ ካብ ናብ እምነት ብዝያዳ ናብ ግብሪ ይጸቕጡ ነይሮም። 'ክይገበርካ ኣይጽደቕን እዩ፡ ኣምላኽ ንኸጽድቐና ቁሩብ ናትና ደገፍ የድልዮ እዩ' ዝዓይነቱ ርድኢት ነይርዎም። ስለዚ ብስነ ምግባር ሃብታማት

ብእምነት ግን ቁሩብ ድኻታት ይመስሉ ነይሮም። እዚ፡ ኣብ ፈረሳውያንን ሮማውያንን ሰብ ገላትያን እንርእዮ ጸገም እዩ ነይሩ። እዚ ናይ ሎሚ ትውልዲ ድማ 'ጉዳይና ኣብ መስቀል ተፈጺሙ እዩ፡ ስለ ዝኣመንና ናይ ምግባር ዕዳ የብልናን፡ ተወሊድካ ኣብ ሕቖፊ እናጠቦኻ ምንባር እምበር፡ ምዕባይ፡ ፍሕኹ ምባል ምኻድ ምጉያይ ምዝላል ኣየድልን እዩ' ዝዓይነቱ ናይ ትህኪት ክርስትና ክትለማመድ ዝድርኽ ኣካይዳ ክኽይድ ይርአ። ክርስትና ግን ኣብ መንጎ እዚ ክልቲኡ ዝሃጸጸ ኣካይዳታት እዩ ዘሎ። እምበአርከስ እቲ ሚዛናውን ቅኑዕን ዝኾነ ህይወት ኣነጺርና ክንፈልጥ ኣዝዩ ኣድላዪን ወሳንን እዩ። ሰብ ብክርስቶስ ብምእማን ምስ ጸደቐ ማለት ህይወት ምስረኸበ ናይ ዝጸደቕን ናይ ህያው ሰብን ምልክታት ክርኢ ናይ ግድን እዩ። ህይወት ረኺብካ ናይ ህይወት ምልክት ግን ዘይብልካ ክትክውን ዘይክእል ነገር እዩ። ከምዚ ካብ ኮነ ክርስቶስ ንርእሱ ሞይቱ ህይወት ዝዘርኣልና፡ መርገምና ንርእሱ ወሲዱ ጽድቁ ዝሃበና ንምንታይ እዩ? ኢልና ክንሓትት ናይ ግድን እዩ። ቃል እግዚኣብሄር ነዚ ብንጹር እዩ ዝምልሶ። ሃዋርያ ጳውሎስ ንቲቶስ 'ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ዓመጻ ዘበለ ሓራ ምእንቲ ክውጽኣና፡ ንርእሱ'ውን ንሰናይ ግብሪ ዝቐንእን ገንዘቡ ዝኾነን ህዝቢ ምእንቲ ከንጽህ ኢሉ ነፍሱ በጃና ኣሕለፈ።' ብምባል ክርስቶስ ክንድዚ ዝኣክል መሪር ዋጋ ዝኸፈለ፡ ሰናይ ግብሪ ንምግባር ዝቕንእ ህዝቢ ምእንቲ ከንጽህን ክጥርን ኢሉ ምዃኑ ገለጸሉ (ቲቶ፡2፡14)። ኣስዒቡ'ውን እቶም ኣመንቲ ንሰናይ ግብሪ ዘበለ እተዳለው ክኾኑ ከዘክሮም ከምዝግባእ ኣተሓሳሲብዎ እዩ (ቲቶ፡3፡1)። ሰናይ ግብሪ ብግዲ ዘድልየና፡ ጽቡቕን ንሰብ ድማ ዝጠቅምን ምዃኑ 'እዚ ቃል'ዚ እሙን እዩ፡ እቶም ብኣምላኽ ዝኣመኑ፡ ሰናይ ግብሪ ንምግባር ምእንቲ ክቐንኡ፡ በዚ ኣጸቢቕካ ክተረድኦም እደሊ ኣለኹ። እዚ ጽቡቕን ንሰብ ዝጠቅምን እዩ።... እቶም ናትና'ውን (ኣመንቲ) ብዘይ ፍረ ከይኮኑ፡ ነቲ ብግዲ ዘድሊ ነገር፡ ሰናይ ግብሪ፡ ክገብሩ ይመሃሩ።' ብምባል ኣገዳስነት ጽቡቕ ግብሪ ኣትሪሩ ጠቒሱሎም እዩ (ቲቶ፡3፡8,15)። ሰናይ ግብሪ ምርጫ ዘይኮነ ብግዲ ዘድሊ ነገር እዩ።

ብቐንዱ ክንፍጠር ከሎና፡ ናይ ምፍጣርና ዕላማ ብሰናይ ግብሪ ንኽንመላለስ እዩ። ኣማኒ ሰብ ክልተ ጊዜ ብክርስቶስ ዝተፈጥረ ፍጥረት እዩ። እቲ ቀዳማይ ፍጥረቱ፡ ምስ ዓለሙ ኣብቲ ቀዳማይ ኣዳም ኮይኑ ዝተፈጥሮ ክኸውን ከሎ በቲ ኣምላኽ ዝኾነ ቃል ብክርስቶስ እዩ ተፈጢሩ። ክርስቶስ ብስጋ ተገሊጹ ህይወቱ በጃ ምስ ኣሕለፈ ድማ፡ ከምቲ ኣብ 2ቆረ፡5፡17 'ስለዚ ሓደ እኳ ብክርስቶስ እንተ ኣልዩ ንሱ ሓድሽ ፍጥረት እዩ፡ እቲ ብሉይ ሓሊፉ፡ እንሆ ኩሉ ሓድሽ ኮይኑ።' ኢልዎ ዘሎ ብናይ መስቀል ሞቱ እንደገና ሓድሽ ፍጥረት ጌሩ ፈጠረና። ኣብዚ ክልተ ጊዜ ዝተፈጠርናሉ እዋናት፡ ክርስቶስ ንኽፈጥረና ብቑዕ ዝኾነ ምኽንያትን ዕላማን ነይርዎ። ሃዋርያ ጳውሎስ 'ሓደ

እኳ ከይምካሕሲ፡ ካብ ግብሪ ኣይኮነን እሞ፡ ብእምነት ብጸጋ ኢኹም ዝደሓንኩም፡ እዚ ከኣ ውህበት ኣምላኽ እዩ እምበር፡ ካባኻትኩም ኣይኮነን። ፍጡራቱ ኢና እሞ፡ ንሱ ኣምላኽ ክንመላለሰሉ ኢሉ ቀደም ዘዳለዎ ሰናይ ግብሪ ብክርስቶስ ኢየሱስ እተፈጠርና ኢና' ብምባል ደጋጊምና ዝተፈጠርናሉ ምኽንያት ብሰናይ ግብሪ ንኽንመላለስ ምዃኑ ነገሩና (ኤፌ፡2፡8-10)። እምብኣርከስ ንሕና ብዘይ ግብሪ፡ ግናኸ ሰናይ ግብሪ ንምግባር ዝደሓንና ፍጡራት ኢና። ንኽንድሕን ኢልና ዘይኮንና እንገብርስ፡ ስለ ዝደሓንና ስለዝጸደቕና ኢና ሰናይ ግብሪ እንገብር፡ ንእምነትና ዝገልጽ ግብርና እዩ፡ ሰናይ ግብሪ ንእምነት ክትክእ ኣይክእልን እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ግብሪ መግለጺ እምነትና ደኣ እምበር መጽደቒና ኣይኮነን።

ሃዋርያ ያእቆብ ብዛዕባ እዚ ሓቂ'ዚ ኣዕዚዙ ክግደስ ከሎ ተራእዩ እዩ። እቲ ቃላቱ መግለጺ ክሳዕ ዘየድልዮ ግልጺ እዩ። ከምዚ ድማ ይብል 'ኣሕዋተየ ሓደ ሰብ እምነት ኣላትኒ እንተ በለ ግብሪ ግና ካብ ዘይህልዎ፡ እንታይ ይጠቅም እዛ እምነት እዚኣዶ ኸተድሕኖ ትኽእል እያ። ሓው ወይስ ሓብቲ እንተ ዓረቑ ናይ ዕለት ምግቢ'ውን እንተ ሰኣኑ፡ እሞ ንስጋኦም ዘድሊ ኸይሃብኩምዎምሲ ሓደ ኻባኻትኩም ብሰላም ኪዱ ሙቑ ጽገቡ እንተ በሎም እንታይ ይጠቅም፡ ከምኡ ኸኣ እምነት ግብሪ እንተ ዜብላስ ንርእሳ ምውትቲ እያ። ግናኸ ሓደ ሰብ ግዳ ንስኻ እምነት ኣላትካ ኣነ ከኣ ግብሪ ኣሎኒ ይብል ይኸውን። እምብኣርሲ እምነትካ ብዘይ ግብሪ ኣርእየኒ ኣነ'ውን ብግብረይ ገይረ እምነተይ ከርእየካ እየ። ንስኻስ ኣምላኽ ሓደ በይኑ ምዃኑ ትኣምን ኣሎኻ። ጽቡቕ ገበርካ ኣጋንንቲ'ውን ይኣምኑን ይንቀጥቀጡን እዮም። ግናኸ ኣታ ኸንቱ ሰብ እምነት ብዘይ ግብሪ ምውትቲ ምዃና ኽትፈልጦዶ ትደሊ ኢኻ? ኣብርሃም ኣቦና ንይስሃቕ ወዱ ኣብ መሰውኢ ምስ ኣቕረቦ፡ ብግብሩዶ ኣይጸደቐን? እምነት ምስ ግብሩ ኾይና ከም ዝዓየየት እምነት ብግብሪ ገይራ'ውን ከም እተፈጸመት ትርኢ ኣሎኻ። እቲ ኣብርሃም ንኣምላኽ ኣመነ እሞ ንጽድቂ ኾይኑ ተቘጽረሉ ዚብል ጽሑፍ ተፈጸመ ፍቑር ኣምላኽውን ተባህለ። ሰብ ብግብሪ ኸም ዚጸድቕ ብእምነት ጥራይ ከም ዘይኮነ ትርእዩ ኣሎኹም ከምኡ ኸኣ ረሃብ እታ ኣመንዝራ ነቶም ልኡኻት ምስ ተቐበለቶም ብኻልእ መገዲ'ውን ምስ ኣውጽኣቶም ብግብራዶ ኣይጸደቐትን? እምብኣርከ ስጋ ብዘይ መንፈስ ምውት ከም ዝኾነ፡ ከምኡ'ውን እምነት ብዘይ ግብሪ ምውትቲ እያ።' (ያእ፡2፡14-26)። ኣብ እምነት ዘሎ ሰብ ግብሪ ክገብር ባህርያዊ እዩ (መዝ፡34፡14፣ መዝ፡37፡3፣ ምሳ፡16፡7)።

## ሰናይ ግብሪ ንመን፧

እዚ ሕቶ እዚ ኣገዳሲ ሕቶ እዩ። ነዚ ሕቶ እዚ ንምምላስ ዝሕግዘና ድማ

አምላኽ ንመን ሰናይ ከም ዝገብረሉ ምሕሳብ እዩ። እግዚአብሄር መስፈሪ ብዘይብሉ ሕያውነት ስለ ዝተመልአ ንኹሉ ሰብ እዩ ሰናይ ዝገብር። ከምቲ ዘማራይ ዳዊት 'እግዚአብሄር ንኹሉ ሰናይ እዩ። ርሕራሔኡ ከአ ኣብ ኩሉ ግብርታቱ እዩ' ኢሉ ዝገለጾ፡ እግዚኣብሄር ንኹሉ ሰብ ሰናይ እዩ። ሰናይነቱን ርሕራሔኡን ከአ ኣብ ውሱን ግብርታት ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ኩሉ ግብርታቱ እዩ (መዝ፡145፡9)

ካብቲ ዕለታዊ ጉዳያት እኳ እንተረኣና ጸሓይ ንኹሉ'ዩ ዝበርቕ፡ ዝናም'ውን ንጻድቕ ኮነ ንረሲእ የዝንመሎም (ማቴ፡5፡45፣ እዮ፡25፡3)። ናይ ዕለት እንጌራውን እንተኾነ ንኹሉ ህያው ዘበለ ስጋ (ፍጡር) ኢዱ ይኸፍት ይምግቦ (መዝ፡136፡25፣ መዝ፡145፡15,16)። ብዓብዩ'ውን ነቲ እንጌራ ህይወት ዝኾነ ክርስቶስ መግቢ ኹላ ዓለም ክኸውን እዩ ወፍይዎ (2ቈረ፡5፡15)። ኩሉ ሰብ ናብ ፍልጠት ሓቂ ክበጽሕን ክድሕንን ይፈቱ (1ጢሞ፡2፡3,4)። ናይ ዓሌት ፍልልይ ኣይገበረን፡ ጽርኣዊ ኣይሁዳዊ፡ ሳምራዊ ኣይሁዳዊ ከይበለ ንኹሉ ሰብ ወንጌሉን ምሕረቱን ሂቡ (ግብ፡10፡34,35፣ ግብ፡15፡9 ሮሜ፡2፡9-11)።

እግዚኣብሄር ሰናይ ክገብር ክሎ ንኹሉ ከየዳለወ ዝገብር ድኣ ይኹን እምበር፡ ኣብ ኣሰራርሕኡ ግን ቅደም ተኸተል ኣለዎ። ነቲ ቀረባኻ ዘሎ ክይረዳእካ ነቲ ኣብ ርሑቕ ዘሎ ምርዳእ ብባህርዩ ኣይቅኑዕን እዩ። ስለዚ ነቲ ንኹሉ ሰብ ኢሉ ዝፈጸሞ ናይ ድሕነት ስራሕ ንምፍጻም፡ ካብቶም ናቱ ተወሊዱ ቅድም ናብቶም ናቱ መጺኡ፡ ቅድም ነቶም ናቱ ወንጌል ሰቢኹሎም። ህዝቢ እስራኤል ብእምነት ካብቶም ርእሲ ኣቦታት ጀሚርካ ናቱ እዮም። ስለዚ ድማ ካብ ዘርኦም ተወሊዱ። ተወሊዱ ኣገልግሎት ምስ ጀመረ'ውን ወንጌል ቅድም ናብ ኢየሩሳሌም፡ ድሕሪኡ ናብ ይሁዳ፡ ድሕሪኡ ናብ ሰማርያ፡ ድሕሪኡ ከአ ናብ ምልእቲ ዓለም ዘርጊሕዎ (ግብ፡1፡8፡ዮሃ፡1፡11 ማር፡7፡27)። እንተኾነ ንወንጌል ጥራይ ዘይኮነ ንፍርዲውን ካብ ቤቱን ኣብቶም ናቱን እዩ ዝጅምሮ። ፍርዲ ካብ ቤት መቕደስ እዩ ዝጅምር (ህዝ፡9፡6፡2ጴጥ፡2)። ፍርዲ ቅድም ንኣይሁዳዊ ብድሕሪኡ ነቲ ርሑቕ ዝበለ ጽርኣዊ እዩ ዝወሃቦ (ሮሜ፡2፡9-11)።

ስለዚ ንሕናውን እንተኾነ ነዚ ተፈጥሮኣውን ኣምላኻውን ቅደም ተኸተል ክንስዕብ ናይ ግድን እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ንሰብ ገላትያ 'እምበኣርሲ ጊዜ ከሎና፡ ንኹሉ ሰብ፡ ምናዳ ግና ነቶም ኣመንቲ ስድራ ቤት ሰናይ ንግበር።' ኢሉ ምዒዱዎም (ገላ፡6፡1)። ኣስዒቡ'ውን ንጢሞቴዎስ 'ሓደ እኳ ነቶም ናቱ፡ ምናዳ ግና ንስድራ ቤቱ፡ ዘይሓልይ እንተሎ፡ እምነት ዝኸሓደ ካብቲ ዘይኣምን'ውን ዝገደደ እዩ' ብምባል ኣጠንቀቖ (1ጢሞ፡5፡8)። ስለዚ እታ ንሰብ እንገብራ ሰናይ ግብሪ ካብ ስድራቤትና ጀሚራ ብድሕሪኡ ንኹሉ ሰብ ሰናይ ናብ ምግባር ክትዓቢ ይግብኣ። ናይ ዮሴፍ ፍሉይ ባህርይ ነቶም ዝበደልዎ ስድራቤቱ ኣብ ምድሪ ግብጺ

ዘርእዮ ዝነበረ ሓልዮት፣ ናይ እምነቱ ንጹር መርትዖ እዩ ነይሩ። ከምዚ ድማ ይብል 'ዮሴፍ ድማ ነቦኡን ነሕዋቱን ንኹሉ ቤት ኣቦኡን ሓለየ፣ ከከም ብዝሒ ቈልዑኦም እናገበረ ይምግቦም ነበረ' (ዘፍ፡47፡12)። ሓልዮት ዮሴፍ ግን ካብ ስድራ ቤቱ ሓሊፉ ንምልእቲ ግብጺ ዝኸውን ስለዝነበረ እዩ፣ ፈርኦን ናቱ ቀዳማይ ሚ.ኒ.ስተር ዝገበሮ (ዘፍ፡1፡33-40)። ሃዋርያ ጴጥሮስ፣ ኣብ ልዕሊ ፍርሃት እግዚኣብሄር ምፍቃር ኣሕዋት ክንውስኸሉ ብድሕሪኡ ድማ ፍቕሪ ንኹሉ ሰብ ክህልወና እዩ ምዲዱና (2ጴጥ፡1፡7)። ስለዚ 'ንፍቕርን ንሰናይ ግብርን ንምንቕቓሕን ኣብ ንሓድሕድና ነስተብህል' (እብ፡10፡24)።

## *ረብሓታት ሰናይ ግብሪ*

ከምቲ ቃል እግዚኣብሄር ዝገልጸልና፣ ሰብ ዝዘርኦ እዩ ዝዓጽድ። ሰናይ ዝዘርአ ሰናይ ክዓጽድ እዩ። እከይ ዝዘርአ'ውን እከይ እዩ ዝዓጽድ። ከምቲ ጎይታ ዝበሎ ካብ እሾኽ ወይኒ፣ ካብ ተኾርባሽ በለስዶ ይቕንጠብ ከይኑ? (ማቴ፡7፡16)። ስለዚ ኸአ እዩ ሃዋርያ ጳውሎስ 'ሰብ ነቲ ዝዘርኦ ንእኡ ከአ ክዓጽዶ እዩ እሞ፣ ኣይትጠበሩ፣ ኣምላኽ ኣይዕሾን እዩ። እቲ ንስጋኡ ኢሉ ዝዘርእ፣ ካብቲ ስጋስ ጥፍኣት ክዓጽድ እዩ፣ እቲ ንመንፈሱ ኢሉ ዝዘርእ ግና ካብቲ መንፈስ ናይ ዘለኣለም ህይወት ክዓጽድ እዩ። እንተ ዘይተጸልኣናስ፣ ብጊዚኡ ክንዓጽድ ኢና እሞ፣ ንሰናይ ግብሪ ኣይንሰልኪ። እምበኣርሲ ጊዜ ከሎና፣ ንኹሉ ሰብ፣ ምናዳ ግና ነቶም ኣመንቲ ስድራ ቤት ሰናይ ንግበር' ብምባል መዓዶ (ገላ፡6፡6-10)። ስለዚ እቲ ክንዓጽደሉ እንክእል ጊዜ መዓስ ምዃኑ እኳ እንተዘይፈለጥና፣ ብርግጽ ኣብ ምዱብ ጊዜኡ ክንዓጽድ ኢና እሞ፣ ሰናይ ግብሪ ንምግባር ኣይንሰልኪ ኣይጸልኣና ከአ። ሰናይ ብምግባር ካብ ዝርከቡ ረብሓታት ገለገለ እንተርኣና ጽቡቕ እዩ።

1. ሰናይ ግብሪ ንኣምላኽ ዘስምር ብቑዕ መስዋእቲ እዩ። ከምቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ፣ እግዚኣብሄር ንሰናይ ግብሪ ዝተፈጥረ፣ ንሰናይ ግብሪ ዝቐንእን ገንዘቡ (ጥሪቱ) ዝኾነ ህዝቢ ክንከውን እዩ ብሞት ወዲ ዝተበጀወና (ቲቶ፡2፡14፣ ኤፌ፡2፡10)። ስለዚ በቲ ንሱ ዝመደቦን ዝዓለሞን ነገር ምስ እንመላለስ እግዚኣብሄር ባህ ኢልዎ ንትግባርና ከምዝሰምረሉን ከም ምኡዝ መስዋእቲ ከምዝቕበለልናን ዘይከሓድ መንፈሳዊ ሓቂ እዩ። ምእንት'ዚ ከአ እዩ፣ ኣብ ቃሉ 'ኣምላኽ ነዚ ከምዚ ዝበለ መስዋእቲ ይሰምሮ እዩ እሞ፣ ሰናይ ምግባርን ምምቃልን ኣይትረስዑ።' ብምባል ዝመዓደና። ካልእ ክንረክብ ኢልና እኳ እንተዘይገበርናዮ፣ ንኣምላኽ ከስምርን ከሓጉስን ኢልና ጥራይ እንተገበርናዮ ወጽዓዶ ይመስለኩም? ያእ ኣይፋሉን!!

2. ነቶም ከም ገባር እከይ ዝፈልጡኻ የሕፍርን ይረትዖን እዩ። ሰናይ ግብሪ ካብ ቃላት ንላዕሊ ናይ ምርታዕ ሓይሊ ኣለዎ። ንክርስትያን ኣብ ምድሪ ዝጻረሩ

ሓይልታት ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። ካብ ሰይጣን ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ ጀሚርካ ኩሎም ሓይልታትን ስልጣናትን እምነታትን ባህልታትን ናይ ምድሪ፣ ንክርስትና ናይ ምጽራር ልምዲ ኣለዎም።

> ብዘይካ ብእምነት ምጽዳቕ ካልእ ዘይሓስብ፣ ግብሪ ነጸብራቕ ናይታ ብእምነት ዝጸደቐት ነፍሲ ምዃኑ ዘዘንግዐ ቅዲ ህይወት ኣብ ማእከል ኣመንቲ እናበዝሐ ይኸይድ ምህላው እዩ። ክርስትና ኣብ ህዋ እምበር ኣብ ምድሪ ዝንበር ዘይመስሎ ወለዶ ይዓቢ ምህላው ኣዝዩ ዘሰክፍ እዩ። እዚ ድማ ንምድራዊ ጽላት ናይ ህይወትና ኣዝዩ ዘበላሹ ሕማቕ ማይ ብሉቕ እዩ።

ብዘይካ'ቲ ዘውርድዎ ካልእ ኩሉ ፈተናታት፣ ንክርስትያን ከም ገባር እከይ ገይሮም ስሙ ንምጽላም፣ ክም ሰብ መጠን ንዝተጋገዮ ንኣሽቱ ጌጋታት ምግናን፣ ፈጺሙ ዘይገበሮ ተግባር ጌርዎ ኢልካ ምጥቃን እቲ ብዝያዳ ዝጥቀሙሉ ዝበለየ ሜላ እዩ። ስለዚ ናይ ክርስቲያን ብስኑ ምግባር ሃብታም ምዃን፣ ነዚ ሜላ ናይ ሰይጣን ዘሕፍር ዝበለጸ መንገዲ እዩ። ኣብዚ ከነስውዕሎ ዝግባእ፣ ንኣታቶም ምእንቲ ከነሕፍር ኢልና ዘይኮነስ፣ ሰናይ ግብሪ ምግባር ባህርይና ስለዝኾነ፣ ኣብ እንገብረሉ እዋን ክንረትዕ እንኽእል። <u>ሰናይ ግብሪ ንምርኢት ዝቐርብ ንብረት ዘይኮነስ፣ ከም መስርሕ ህይወት መዓልታዊ እትነብሮ ናብራ እዩ።</u> ምእንቲ ክይትጽረፍ ኣብ ቅድሚ ነቐፍትኻ ጥንቁቕ ትኸውን። በይንኻ ኣብ ዝኾንካሉ ወይ'ውን ምስ ዝመስሉኻ ሰባት ኣብ እትኾነሉ እዋን ከም ድላይካ ምዃን እዚ ኣርቲፍሻል ዝኾነ ናይ ጥበራ ህይወት እዩ። ብኸምዚ ምስ እትመላለስ ሓደ መዓልቲ እቲ ናይ ጥበራ ህይወትካ ምስ ተቓልዐ፣ ንርእስኻ ኣዚኻ ክትነውር፣ ንክርስትና ከኣ ንዝኸፍአ ጸርፊ ኣሕሊፍካ ክትህቦ ኢኻ ማለት እዩ።

ጳውሎስ ንቲቶስ 'ካብቶም ተቓናቕንቲ ሓደ እኳ ብዛዕባና ዝብሎ ክፉእ ነገር ስኢኑ ምእንቲ ክሓፍርሲ ብንጹህ ትምህርቲ፣ ብምርዛን መንቅብ ብዘይብሉ ጥዑይ ዘረባ፣ <u>ንሰናይ ግብሪ ዘበለ ርእስኻ ኣርኣያ ግበር።'</u> ኢሉ ክምዕድ ዝደረኾ፣ ሰናይ ግብሪ ኣብ ምርታዕ ተቓናቕንቲ ዓብይ ሓይሊ ከም ዘለዎ ምእንቲ ክዘኻኽሮ ኢሉ እዩ (ቲቶ፣2፣7,8)። ሃዋርያ ጴጥሮስ ነዚ ሓቂ እዚ ደጋጊሙ ክጠቕሶ ከሎ ይርአ እዩ። ሰናይ ግብሪ ነቶም ተቓናቕንቲ ካብ

ምሕፋር ሓሊፉ ንኣምላኽ ከመስግኑ ክሳዕ ዝኽእሉ ከም ዝረትዖም እዩ ዝገልጽ። "እቶም ከም ገበርቲ እከይ ገይሮም ዝሓምዩኹም ዘለው፣ ንሰናይ ግብርኹም ርእዮም በታ መዓልቲ ሓተታ ንኣምላኽ ምእንቲ ከመስግንዎ፣ ኣብ ማእከል ኣህዛብ ኣካይዳኹም ኣጸብቑ። ከምዚ ሰናይ እናገበርኩም፣ ዕሽነት እቶም ዘይፈልጡ ሰባት ክትዓብሱ፣ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ..." ብምባል መዓደ (1ጴጥ፣2፣12-15)። ጎይታ'ውን "ከምኡ ከኣ ነቲ ጽቡቕ ግብርኹም ርእዮም ኣብ ሰማያት ንዘሎ ኣቦኹም ምእንቲ ከመስግንዎ፣ ብርሃንኩም ኣብ ቅድሚ ሰብ ይብራህ።" ብምባል ጽቡቕ ግብሪ ኣብ ማእከል እቶም ዘይምስጉን ህይወት ዘለዎም ሰባት ከይተረፈ፣ ምስጋና ናይ ኣምላኽ ዘዕብዝዝ ምዃኑ ገለጸልና (ማቴ፣5፣16)።

ንክርስትያን መከራ ተፈልይዎ ኣይፈልጥን እዩ። ምእንቲ ስም ክርስቶስ መከራ ምቕባል ድማ ካብ እግዚኣብሄር ዓስቢ ዘለዎ ኣዝዩ ዘሐጉስ ዕጫ እዩ። ነቲ መከራ ክርስቶስ ብምቕባልና ክንረኽቦ ዝግባእ ዓስቢ ዘስእንና ኩነታት ግን ኣሎ፣ ንሱ ድማ እከይ እናገበርካ ምእንቲ ስም ክርስቶስ ሓሳረ መከራ ምቕባል እዩ። ክርስቶስ ንገበርቲ እከይ ዝኾነ ብምኽንያት እኩይ ተግባሮም ንዝሞቱ ከድሕን ኢሉ እዩ እዚ ኹሉ መከራ ዝተቐበለ። ንሕና ድማ ባዕልና እከይ እናገበርና መከራ እንተተቐበልና፣ መከራናን መከራ ክርስቶስን ዝዛመደሉ ዋላ ሓንቲ ነጥቢ የብሎምን። ስለዚ ንመከራና ዓስቢ ምእንቲ ክህልወና፣ ነቲ ኣርኣያ ናይ ክርስቶስ ክንስዕብ ብግዲ እዩ። 'ሓደ እኳ ስለ ሕሊና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ተዓሚጹ ጓሂ እንተተዓገሰ፣ እዚ ጸጋ እዩ። ሓጢኣት እናገበርኩም መውቃዕቲ እንተተዓገስኩምከ፣ እንታይ ትምክሕቲ ኣለዎ። ሰናይ እናገበርኩም፣ መከራ እንተተዓገስኩም ግና፣ እዚ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቅቡል እዩ። ነዚ ኢኹም እተጸዋዕኩም እሞ፣ ክርስቶስ ከኣ፣ ምእንቲ ኣሰኣሰሩ ክትስዕቡ፣ ኣርኣያ ሓዲጉልኩም ምእንታኹም መከራ ጸገበ።' (1ጴጥ፣2፣19-20)። 'ፍቓድ ኣምላኽ ከምዚ እንተ ደለዮስ፣ ካብ እከይ እናገበርኩምሲ፣ ሰናይ እናገበርኩም ሓሳረ መከራ ክትጸግቡ ይሕሸኩም እዩ'ሞ፣ እቶም ነቲ ብክርስቶስ ዝኾነ ሰናይ ኣካይዳኹም ዝጸርፉ በቲ ዝሓምዩኹም ምእንቲ ክሓፍሩ፣ ሰናይ ሕልና ይሃሉኹም።' (1ጴጥ፣3፣16,17)።

*ንሕና ድማ ባዕልና እከይ እናገበርና መከራ እንተተቐበልና፣ መከራናን መከራ ክርስቶስን ዝዛመዱሉ ዋላ ሓንቲ ነጥቢ የብሎምን።*

እቶም ንዝተነግረና ምኽሪ ዘይንሰምዕ፡ ንዝተዋህበና ኣርኣያ ዘይንኸተል ሰባት መወዳእታና ኣዝዩ ዘሕዝን ከምዝኸውን ኣይንዘንግዕ። ካብቲ ንምህሮና ዝተጻሕፈ ክንልብም ጽቡቕ እዩ። ኣብ መዓልቲ ጎይታ፡ ብደገ ናይቲ ማዕጾ ኮይኖም ኣዝዩ ብዘሕዝን ድምጺ ማዕጾ ክኸፈተሎም ዝልምኑ ሰባት ክህልው እዮም። ገሊኦም ብስሙ ዝተነበዩ ነብያት፡ ገሊኦም ድማ ብስሙ ካብ ኢጋንንቲ ዘናግፉ ብዙሕ ሓይሊ ዝገበሩ ሓያላት፡ ገሊኦም'ውን ምእንቲ ስሙ ብዙሕ ሓሳረ መከራ ዝጸገቡ ውፉያት እዮም ዝነበሩ ጎይታ ማዕጾ ምኽፋት ኣብዩ ክሕሰሞም ከሎ፡ ነቲ ኩሉ ንገብሮ ኔርና ኢሎም ዝመጻደቑሉ ዝነበሩ ነገራት ኣይገበርኩምዎን ኢሉ ኣይክሓዶምን። እዚ ሓይሊ እዚ ግን ካባታቶም ኣይነበረን። ክንድዚ ዝኣክል ዓብይ ሓይልን ጸጋን ኣብ ስጋን ደምን እንተተራእየ፡ እቲ ንክቡር ሓይሉን ጸግኡን ኣብዚ በስባሲ ኣቕሓ ውርደት ኣቐሚጡ ርእሱ ዝገለጸ ኣምላኽ ከኣ ይድነቕ እምበር፡ መመጻደቒ ናይ ሰብ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። እዞም ሰባት እዚኣቶም በቲ ዝተዋህቦም ሓይሊ ንብዙሓት ካብ ኢድ እቲ ዓማጺ ድያብሎስ ኣናገፎምዎም ክነሶም ንሳቶም ግን ዘይተናገፉሉ ብዙሕ ነገር ነይርዎም። ጎይታ ክሰምዮም ከሎ፡ በቲ ንሳቶም ንርእሶም ዝሰመዩሉ ነብዩ፡ ገባር ሓይሊ ወዘተ ዝብል ኣስማቶም ዘይኮነስ፡ 'ኣቱም ገበርቲ ዓመጻ' ኢሉ'ዩ ዝሰመዮም። ብሓይሊ ኣምላኽ ንብዙሓት ሰባት ካብ ኢድ እቲ ዓማጺ ድያብሎስ ኣገላጊልካስ ንርእስኻ ብግብሪ ዓመጻ ተታሒዝካ ምትራፍ ኣየሕዝንንዶ?! ሓይሊ ኣምላኽ ኣባኻ ክሰርሕን፡ ሓይሊ ኣምላኽ ብኣኻ ገይሩ ክሰርሕን ከሎን ዘለዎ ፍልልይ ንምርዳእ ካብዚ ዝዓቢ ኣብነት ዘድሊ ኣይመስለንን። እቲ ከምዚ ዝኣመሰለ ዘሕዝን ህይወት ዝነብር ሰብ፡ ተቓናቓንቲ ንወንጌል ዝጸርፉሉ ኣፍደገ ዝኸፍት፡ ንገጽ ቤተክርስትያን ብሕፍረት ዝሸድን መስተሓፈሪ እዩ።

> ክንድዚ ዝኣክል ዓብይ ሓይልን ጸጋን ኣብ ስጋን ደምን እንተተራእየ፡ እቲ ንክቡር ሓይሉን ጸግኡን ኣብዚ በስባሲ ኣቕሓ ውርደት ኣቐሚጡ ርእሱ ዝገለጸ ኣምላኽ ከኣ ይድነቕ እምበር፡ መመጻደቒ ናይ ሰብ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

ንሰናይ ግብሪ ዝጻረር ኣካል የለን። ዋላ እቲ ምንጪ ኩሉ ክፍኣት ዝኾነ ድያብሎስ ከይተረፈ፡ ንሰናይ ተግባር ሕማቕ እዩ ኢሉ ገጽ ንገጽ ኣይቃወምን እዩ። ሰይጣን ንሰናይ ግብሪ ዝቃወሞ፡ ሓጢኣት ኣብ ኣዒንትኻ ጽቡቕ ኮይኑ ከምዝረኣየካ'ሞ ከም እትፍጽሞ ብምግባር እዩ። እዚ ድማ ካብቲ ናይ ኣዳምን ሄዋንን ፈተና ክንመሃሮ ይክኣል

እዩ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ ሓቂ እዚ ከብርህ ከሎ፥ 'እቶም ገዛእቲ ንእኩይ ግብሪ እምበር፥ ንሰናይ ግብሪ ዘፍርሁ ኣይኮኑን። ነቲ በዓል ስልጣን ከይትፈርሆዶ ትደሊ ኢኻ? ንሱ ንሰናይካ ኢሉ ኣገልጋሊ ኣምላኽ እዩ እሞ፥ ሰናይ ግበር ንሱውን ክንእደካ እዩ። እኩይ እንተገበርካ ግና፥ ኣገልጋሊ ኣምላኽ፥ ነቲ ገባር እኩይሲ መቕጻዕቲ ዘምጽእሉ ፈዳይ ሕነ ስለ ዝኾነ፥ ሰይፌ ንኸንቱ፥ ኣይዕጠቕን' እዩ እሞ ፍራህ።' ኢሉ ጽሒፈ (ሮሜ፥13፥3,4)። ሃዋርያ ጴጥሮስ'ውን "ስለ እቲ ሰናይ እንተጸዓትኩምከ መን'ዩ እከይ ዝገብረኩም" ብምባል ኣብ ቅድሚ ሰናይ ተግባር ብትብዓት ደው ኢሉ ክቃወም ዝኽእል ኣካል ከምዘየለ የርእየና (1ጴጥ፥3፥13)።

ጎይታ ኢየሱስ ነዚ ሓቂ'ዚ ኣብቲ ዝሓደገልና ኣርኣያ ኣንጸባሪቕዎ እዩ። ኣብ ዮሃ፥10፥31-33 'ኣይሁድ ብዳርባ እምኒ ኪቕትልዎ ኸም ብሓድሽ እምኒ ኣልዐሉ ኢየሱስ ከኣ ካብ ኣቦይ ብዙሕ ሰናይ ግብርታት ኣርኤኹኹም። ስለ ኣየናዩ ግብሪ ኢኹም ብዳርባ እምኒ ኽትቀትሉኒ እትደልዩ ዘሎኹም ኢሉ መለሰሎም። ኣይሁድ ከኣ ስለቲ ምጽራፍካን ሰብ ክነስኻ ነፍስኻ ኣምላኽ ስለ ምግባርካን እምበር ስለቲ ጽቡቕ ግብርታትካስ ኣይኮንናን ብእምኒ እንቕትለካ፥ ኢሎም መለሱሉ።' ዝብል ቃል ተጻሒፉ ንረክብ። ኢየሱስ ክርስቶስ ኣሉ ኢሎም ክኸሕድዎ ዘይክእሉ ኣዝዩ ብዙሕ ሰናይ ግብርታት ኣርእይዎም ስለዝኾነ፥ ነቲ ቅትለቶም ምኽኑይ ዝገብሩሉ መርትዖ ዳርጋ ፈጺሙ ክሊእዎም እዩ። ስለዚ ድማ እዮም ኣርእስቲ ቅትለቶም ክልውጡ ዝተራእዩ። ስለ ጽቡቕ ግብርታቱ ክቕትልዎ ከም ዘይክእሉ ምስ ተኣመኑ፥ ጎይታ ኣስዒቡ "ግብሪ ኣቦይ እንተዘይገበሩ ኣይትእመኑኒ። እንተገበርኩ ግና ኣቦ ኣባይ ምህላው ኣነ'ውን ኣብ ኣቦ ምህላወይ ምእንቲ ክትፈልጡን ክተስተብሁሉንሲ ንዓይ እኳ እንተዘይኣመንኩምኒ ነቲ ግብረይ እመንዎ።" ብምባል ግብሩ ንመንነቱ ዝገልጽ ፍሉይ ረቓሒ ምኳኑ ሓቢሮም። (ዮሃ፥10፥37,38)። ብመሰረቱ ጎይታ ብቃሉ ኮነ ብግብሩ እንታ ዘይብሉ ፍጹም ሰብ ምንባሩ "እዚ ናይ ኢየሱስ ናዝራዊ ነገር ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ኩሉ ህዝብን ብግብርን ቃልን

ብሓይሊ ኣምላኽ ንብዙሓት ሰባት ካብ ኢድ እቲ ዓማጺ ድያብሎስ ኣገላጊልካስ ንርእስኻ ብግብሪ ዓመጻ ተታሒዝካ ምትራፍ ኣየሕዝንንዶ?!

ክኣሊ ነብዪ ዝነበረ ሰብኣይ።" ብምባል ሰብ ኤማሁስ መስኪሮምሉ እዮም። (ሉቃ፡24፡19)። ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ ክርስቶስ ብትብዓት ክምስክር ዝደረኾ መሰረታዊ ምኽንያት ክገልጽ ከሎ "ክርስቶስ ብቓልን ብግብርን ዘይገበሮስ ክዛረበሉ እኳ ኣይደርፍን እየ እሞ፡ ብናይ ኣምላኽ ብኢየሱስ ክርስቶስ ዝምክሓሉ ኣለኒ። ክምዚ ካብ ኢየሩሳሌም ጀሚረ ክሳዕ ኢልሪኮን ነቲ ወንጌል ክርስቶስ ብምሉኡ ሰበኽክዎ።" ኢሉ ጽሒፉ ኣሎ። (ሮሜ፡15፡17-19)። ስለዚ ንተጻረርቲ ብግብሩ ንዘሕፈረ ክርስቶስ እንዳሰዓብካ ብግብርኻ ክርስቶስን ቤተ ክርስትያንን ዝጽረፍሉ ንቓዕ ምፍጣር ኣዝዩ ዘሕፍር በደል እዩ።

3. ሰናይ ግብረ ስልማት ወንጌልን ሰዓብቱን እዩ። ወንጌልን ብግዝእ ርእሱ ምሉእን ስሉምን እካ እንተኾነ ምልኣቱን ስልማቱን ዝጋሃድ ኣብ ኣዝዩ ጽቡቕ ብወረቐት ይኹን ብብራና ኣብ ዝተሰርሐ መጽሓፍ ምስ ሰፈረ ዘይኮነስ ኣብ ልቢ ናይቲ ተነባቢ ህይወት ዘለዎ ኣማኒ ምስ ዝውቀጥ ጥራይ እዩ። እቲ ጳውሎስ ንሰብ ቈረንቶስ "ኣብ ልብና ዝተጻሕፈ ኩሉ ሰብ ዝፈልጣን ዘንብባብ ደብዳቤና ንስኻትኩም ኢኹም። ንስኻትኩም ብመንፈስ ህያው እምበር ብቐለም ዘይተጻሕፈት ኣብ ልቢ ስጋ እምበር ኣብ ጽላት እምኒ ዘይተጻሕፈት ብምግልጋልና ደብዳቤ ክርስቶስ ምዃንኩም ግሁድ እዩ።" ዝበሎ ቃል ናይዚ ዝበልናዮ ሓቂ መርትዖ እዩ (2ቈረ፡3፡2,3)።

ሰናይ ግብረ ስልማት ናይቶም ዝፍጽምዎ እሙናት ኣመንቲ እዩ። ብዙሕ ጽባቕ ክምጽእ ዝኽእል ስልማት ናይ ጨርቂ ወይ ስልማት ናይ ወርቂ ጌርካ ክትውቅብ ዝከኣል እዩ። እዚ ግን ንዓኻ ኮነ ንረኣይኻ ዝጥብር ጽባቐ እዩ ዝኸውን። እቲ ጽባቐ ድማ ናይቲ ስልማት እምበር ናትካ ኣይኮነን። ንስኻ ድማ ክም መርኣዪ ባምቡላ ናይቲ ስልማት ኴንካ ትተርፍ። መልክዕ ገጽካን ቁመናኻን ጽቡቕ እንተ ኾነ'ውን ሰባት ብመንጽር ጸታዊ ድሌት ብዝያዳ ንኽብህጉኻን ንተራ ስጋዊ ትምክሕቲ ክጥቀሙልካ እንተ ዘይኮይኑ ዝዓብስ የብሉን። ንጉስ ሰሎሙን ብዛዕባ እዚ ክጽሕፍ ከሎ 'መልክዐኛ ሰበይቲ ብዘይ ኣእምሮስ ከም ኣብ ኣፍንጫ ሓሰማ እተሰኩዔ ቀለቤት ወርቂ እያ... ጽባቕ መልክዕ ጠባሪ እዩ፡ ውቃበ ከኣ ከንቱ እዩ

እቲ ከምዚ ዝኣመሰለ ዘሕዝን ህይወት ዝነብር ሰብ፡ ተቐናቕንቲ ንወንጌል ዝጸርፉሉ ኣፍደገ ዝኸፍት፡ ንገጽ ቤተክርስትያን ብሕፍረት ዝኸድን መስተሓፈሪ እዩ።

ንእግዚኣብሄር እትፈርህ ሰበይቲ ግና ትነኣድ። ካብ ፍረ ኣእዳዋ ሃብዋ። ኣብ ደጌታታ'ውን ተግባራ ይንኣዳ።' ብምባል ገሊጽልና ኣሎ። (ምሳ:11:22፣ ምሳ:30:31)።

ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ ሓቂ እዚ ከረጋግጽ ከሎ 'ኣንስቲ'ውን ከምኡ ብስሩሕ ርእሲ ብወርቂ ወይስ በዕንቊ ወይስ ብብዙሕ ዝዋግኡ ክዳውንቲ ዘይኮነስ ብግቡእ ክዳውንትን ብሕንክን ብምቕጻዕ ነፍሰንን ፍርሃት እግዚኣብሄር ዘለወን ኣንስቲ ከም ዝግባእ ብሰናይ ግብሪ ክስለማ እደሊ ኣለኹ።' ብምባል ኣገዳስነት ሰናይ ግብሪ ገሊጹልና ኣሎ። (1ጢሞ:2:9-10)። ኣብዚ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ 1ጴጥ:3:1-5 'ኣትን ኣንስቲ ገለ ነቲ ቃል ዘይእዙዙ እንተለው ነቲ ፍርሃት ዘለዎ ኣካይዳኽን ምስ ረኣዩ በካይዳ ኣንስቶም ብዘይ ቃል ከም ረብሓ ኮይኖም ምእንቲ ክርከቡስ ከምኡ ንሰብኡትኽን ተኣዘዝኣም ስልማትክን እቲ ብሕቡእ ናይ ልቢ ሰብን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክቡር ዝኾነ ህዱእን ለዋህን መንፈስ ይኹን እምበር እቲ ናይ ስሩሕ ርእስን ናይ ስልማት ወርቂ ምእሳርን ናይ ዘጌጸ ክዳውንቲ ምኽዳንን ኣፍኣዊ ነገር ኣይኹን። ቀደም ድማ እተን ተስፍኣን ናብ ኣምላኽ ዝገበራ ቅዱሳን ኣንስቲ ንሰብኡተን እንዳተኣዘዛ ከምዚ እየን እተሰለማ።' ዝብል ግሩም ቃል ተጻሒፉ ንረክብ። እዚ ኩሉ ጥቕስታት ብመልክዕ ኣንስታይ ጾታ እኳ እንተተጻሕፈ ንደቀንስትዮ ጥራይ እዩ ዝምልከት ንደቂ ተባዕትዮ ኣይምልከትን እዩ፡ ዝብል ጸቢብ ኣመለኻኽታ ከም ዘይህልወና ርግጸኛ እየ። ካብዚ ኩሉ ዘንበብናዮ ጥቕስታት ናይ ነፍሲ ውሽጣውን ዝዓበየ ስልማት እቲ ብክርስቶስ ካብ ምጽዳቕና ዝተላዕለ እንገብሮ ሰናይ ግብሪ ምዃኑ ተረዲእና ኣሎና።

ሰናይ ግብሪ ስልማት ምዃኑ ኣብ ኣመንቲ ውልቀ ሰባት ጥራሕ ዝሕጸር ኣይኮነን። ብቐንዱ ነቲ ኣመንቲ ኣሚኖም ዝጸደቑሉ ወንጌል'ውን ስልማቱ እዩ። መልክዕ ወንጌል ዝግለጽ ብውቑብ ፊደላት ኣብ መጻሕፍቲ ምስ ተጻሕፈ ዘይኮነስ በቲ ሓያል መንፈስ ኣብ ኣመንቲ ተጻሒፉ ክንበብ ዝኽእል ምስ ዝኸውን እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ ሃዋርያ ጳውሎስ ንቲቶስ 'ንግዙኣት ነቲ ትምህርቲ እግዚኣብሄር መድሓኒና ምእንቲ ክስልምዎ ብኹሉ ድኣ ሕያወይቲ እምነት ከርእዩ እምበር መደሃሃቕቲ ከይኮኑ ንጎይቶቶም ዝግዝኡ ዳርግዳርጋ ዘይምልሱ ብኹሉ ባህ ዘብሉ ክኾኑ ምዓዶም' ብምባል ክተሓሳስቦም ከሎ ዝተራእየ (ቲቶ:2:9-10)።

## *ሰናይ ዘይምግባር ሓጢኣት እዩ!!*

እንታይ ኣበሃህልኡ እዩ'ዚ! ኢልና ክንግረም ዝከኣል እዩ። ምኽንያቱ ድማ ክፉእ ምግባር እምበር ሰናይ ዘይምግባር ሓጢኣት ኮይኑ ስለ ዘይስመዓና እዩ። ንሓደ ሰብ ሓሶት ምዝራብ ጥራይ ዘይኮነስ ሓቂ'ውን ከይተዛረበ ስቕ ክብል ዝከኣል እዩ። ኣብቲ ደብ ናይ ሓቅን ሓሶትን ደው ምባል ናይ ብእምነት ዝደሓነ ሰብ ተግባር ኣይኮነን። ናብ ሓጢኣት ብቐሊሉ እንድፋእ ድማ ናብቲ ናይ ጽድቂ ተግባር ብዙሕ ኣቲና ነቲ

ሓጢኣት ስለዘይረሓቕናዮ እዩ። ምስራቕ ገዲፍና ኢድና ስለዝኣርነብና ጥራይ ጽድቂ ኣይቁጸረልናን'ዩ። ብኣንጻሩ ምሃብ ምስ እንጅምር ሰናይ ብምግባርና ንኣምላኽ ከነሐጉስ ኢና፡ ከምኡውን ካብቲ ስርቂ ብዙሕ ስለዝርሓቕና ናብኡ ንምምላስ ዘለና ዕድል ዝጸበበ እዩ። ንሰብ ሓጢኣት ዝኾኖ፡ ኣይትግበሮ ዝተባህለሉ ነገር ምስ ዘይገብር እዩ። ሃዋርያ ያእቆብ 'እቲ ሰናይ ምግባር ዝፈልጥ እሞ ዘይገብር ንእኡ ሓጢኣት ይኾኖ።' ብምባል ዘጠንቀቐና'ውን እዚ ሓቂ እዚ ስለ ዝተገንዘበ እዩ (ያእ፡4፡17)። ጎይታ'ውን 'እቲ ፍቓድ ጎይትኡ ፈሊጡ ዘይተዳለወ፡ ከምቲ ፍቓዱውን ዘይገበረ ባርያ ብዙሕ መግረፍቲ ክግረፍ እዩ። እቲ ከይፈለጠ ንመግረፍቲ ዝግብእ ዝገበረ ግና ሒደት እዩ ዝግረፍ። ንብዙሕ ዝሃብዎ ብዙሕ ይደልይዎ፡ ብዙሕ ንዘማዕቆብዎ ከኣ ኣብዚሑም ይደልይዎ እዮም' ኢሉ ኣጠንቂቑና ኣሎ (ሉቃ፡12፡47-48)።

<u>ነቲ ሰናይ ተግባር እናፈለጥካዮ ከይሰኻ ክትገብሮ ካብ ዘይምኽኣል ዝኸፍእ መግደራ የለን።</u> ሃዋርያ ጴጥሮስ ብዛዕባ እዚ ክጽሕፍ ከሎ ማለት ንሳቶም እናፈለጥዎ ካብቲ እተዋህቦም ቅዱስ ትእዛዝ ንድሕሪት ካብ ዝምለሱስ፡ ነታ መገዲ ጽድቂ እንተ ዘይፈልጥዋ ምሐሸም ነይሩ።' ኢሉ ኣሎ (2ጴጥ፡2፡21)። ክርስቶስ መጺኡ ግፍዕን ዓለማዊ ትምኒትን ክሒድና፡ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ብጥንቃቐን ብጽድቅን በምልኾን ክንነብር ምዒዱና እዩ (ቲቶ፡2፡11-13)። ክርስቶስ መጺኡ እንተዘይነግረና፡ ሓጢኣት ኣይምኾነናን ነይሩ፡ ድሕሪ ሕጂ ንሓጢኣትና ምኽንያት የብልናን (ዮሃ፡15፡22-24)። ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ ሓደ ጽቡቕ ምግባር ዝፈልጥን ዝደልን፡ ግናኸ ምግባሩ ብዛዕባ ዝሰኣነ ሰብ ከምዚ ክብል ኣስፊሑ ጽሒፉልና ኣሎ። 'ነቲ ዝጸልእ እገብሮ ኣሎኹ እምበር ነቲ ዝደልዮ ኣይኮንኩን ዝገብሮ ዘሎኹ እሞ፡ ነቲ ዝገብሮ ኣይፈልጦን እየ። ሕጊ መንፈሳዊ ምዃኑ ንፈልጥ ኢና፡ ኣነ ግና ትሕቲ ሓጢኣት እተሸጥኩ ስጋዊ እየ። ነቲ ኣነ ዝደልዮ ካብ ዘይገብሮ ግና፡ እቲ ሕጊ ሰናይ ምዃኑ እሰምር ኣሎኹ። ስለዚ እቲ ኣባይ ሓዲሩ ዘሎ ሓጢእት እዩ እምበር ኣነ ኣይኮንኩን ዝገብሮ ዘሎኹ፡ ፍቓድሲ ኣሎኒ ምግባር እቲ ሰናይ ግና ስኢነዮ ኣሎኹ እሞ፡ ነቲ ዘይደልዮ እከይ እገብሮ ኣሎኹ እምበር፡ ነቲ ዚደልዮ ሰናይ ኣይኮንኩን ዝገብር ዘሎኹ፡ ስለዚ ኣባይ ማለት ኣብ ስጋይ ሰናይ ከም ዜልቦ እፈልጥ ኣሎኹ። ነቲ ኣነ ዝደልዮ ካብ ዘይገብሮ ግና ድሕሪ ሕጅስ እቲ ኣባይ ሓዲሩ ዘሎ ሓጢኣት እዩ እምበር ኣነ ኣይኮንኩን ዝገብሮ ዘሎኹ።

እምብኣርሲ ኣነ ሰናይ ክገብር ዝደሊ እቲ እከይ ከም ዚጠብቀኒ ሕጊ ኾይኑ ረኺብክዎ። ብናይ ውሽጢ ሰብሲ በቲ ሕጂ ኣምላኽ ባህ ይብለኒ እዩ። ግናኸ ኣብ ኣካላተይ ምስ ሕጊ መንፈሰይ ዚዋጋእ ናብቲ ኣብ ኣካላተይ ዘሎ ሕጊ ሓጢኣት ኣቢሉውን ዚማርኸኒ ካልእ ሕጊ እርኢ ኣሎኹ። ይዋእ ኣነ ምግዱር ሰብ፡ ካብዚ ናይ ሞት ስጋስ መን ኮን ኬድሕነኒ እዩ?' (ሮሜ፡7፡14-24) ካብዚ ዝኸፍአ ህይወት ክህሉ ዝኽእል ኣይመስለንን።

ስለዚ ከአ እዩ፡ ካብዚ መግደራ'ዚ መን ኮን'ዩ ዘድሕነኒ ኢሉ ዝገዓረ።

## ንሰናይ ግብሪ ዝሕግዘና መን እዩ?

እዚ ሕቶ እዚ ከይተሓተተ ዝተመለሰ እዩ። ካብ እግዚአብሄር ካብቲ ምንጪ ኩሉ ሰናያት ሓሊፍካ እሞ ናበይ ክኸየድ እዩ (ዮሃ፡6)። ዳዊት 'ብዘይ ብኣኻ ሰናይ የብለይን ኢለዮ' ክብል ሓቂ (መዝ፡16፡2)። ምኽንያቱ ካብ ስጋን ደምን ዝኾነ ሰብ ሰናይ የለን (ዮሃ፡6፡63፣ ሮሜ፡7፡18,19)። ጎይታውን "ብዘይ ብኣይ ሓንቲ እኳ ክትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም" ኢሉና እዩ (ዮሃ፡15፡5) 'ብክርስቶስ ግና ከምዚ ዝበለት እሙንቶ ኣላትና፡ ክእለትና ካብ ኣምላኽ ደአ እዩ እምበር ካብ ርእስና ገለ ከም ዘምጻእና ሓንቲ እኳ ክንሓስብ ኣይከኣለናን እዩ።' (2ቈረ፡3፡4,5)።

ካብዚ ሓቅታት እዚ ተበጊሱ ሃዋርያ ጳውሎስ 'ደጊም ኣቱም ፍቁራተይ እቲ ምእንቲ ጽቡቕ ፍቓዱ ኢሉ፡ ኣባኻትኩም ድሌትን ግብርን ዝገብርሲ ኣምላኽ እዩ'ሞ... ከምቲ ኩሉ ሳዕ እተኣዘዝኩም ብፍርሃት ራዕድን ንምድሓንኩም ፈጽሙ።' ብምባል ንሰብ ፊሊጲ ምዒድዎም (ፊል፡2፡12,13) ኣብ ሰብ ፊሊጲ ይርአ ንዝነበረ ሰናይ ተግባር ዝጀመረ ከኣ፡ ንሱ ክሳዕ እታ መዓልቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ከም ዝፍጽሞ፡ እዚ ተረዲኣዮ አለኹ' ብምባል ኣረጋገጸሎም (ፊሊ.1፡1፡6)።

እቲ ካልኣይ መንገዲ ድማ ዝተፈላለየ ዓይነት ሃብቲ ብምሃብ እዩ።

> መልክዕ ወንጌል ዝግለጽ ብውቁብ ፊደላት ኣብ መጻሕፍቲ ምስ ተጻሕፈ ዘይኮነስ በቲ ሓያል መንፈስ ኣብ ኣመንቲ ተጻሒፉ ክንበብ ዝኽእል ምስ ዝኸውን እዩ።

ሃብቲ ክበሃል ከሎ ብዙሕ ጊዜ ናብቲ ናይ ስጋ ገንዘብ ወይ ንብረት ጥራይ ኢና እንድህብ። ጉልበቱ ዝሃብቱ፡ ሞይኡ ዝሃብቱ፡ ኣእምሮኡ ዝሃብቱ፡ ልሳኑ ዝሃብቱ ወዘተ አሎ። ነቲ እግዚአብሄር ዝሃበካ ሃብቲ ንሰባት ሰናይ ብምግባር ብሰናይ ግብሪ ክትሀብትመሉ ይከኣል እዩ። በቲ ዘሎካ እምበር በቲ ዘይብልካ ኣይትሕተትን ኢኻ። 'ሕጂ ከአ ከምቲ ንፍቓድ ተዳሊኹም ዝነበርኩም፡ ከምኡ ገርኩም ከም ዓቕምኹም ንምፍጻም'ውን ብግብሪ ፈጽሙ። ፍቓድ ልቢ እንተኣልዩስ፡ በቲ ዘለዎ መጠን ቅቡል እዩ እምበር፡ ብዘይብሉ ኣይኮነን።' (2ቈረ፡8፡11,12)። በቲ ካብ ኣምላኽ ዝተዋህበና ስጋዊ ኮነ መንፈሳዊ ሃብቲ፡ ብሰናይ ግብሪ ንምህብታም ክንጥቀመሉ ቃል ኣምላኽ ኣዝዩ እዩ ዝምዕደና። 'ነቶም ኣብዛ ዓለም እዚኣ ዘለው ሃብታማት ከይዕበዩ፡ በቲ ክንሕጎስ ኢሉ ንኹሉ ብልግሲ ዝህበና ኣምላኽ እምበር፡ በዚ ሓላፊ ሃብቲ ከይእመኑ ኣዝዞም።

ገበርቲ ሰናይ ክኾኑ ብሰናይ ግብሪ ክሀብትሙ፡ ለጋሳትን መማቐልትን ክኾኑ፡ ናይ ሓቂ ህይወት ምእንቲ ክረኽቡስ ነቲ ዝመጽእ ዘሎ ጊዜ ጽቡቕ መሰረት ንርእሶም ክእክቡ ኣዝዞም።' (1ጢሞ፡6፡17-19)።

እቲ ሳልሳይ መንገዲ ድማ ኣብ ቅድሜና ሰናይ ግብሪ ንምግባር ዝጠልቡ ብድሆታት (ኣጋጣሚታት) ብምድላው እዩ ዝሕግዘና። ዓቕልኻ ዝፍትን ኩነታት ክየጋጥመካ፡ ንዓቕልኻ ክትሙክሮ ዕድል ኣይህልወካን እዩ። ካባኻ ገለ ክቕበል ዝጽበ ሰኡን ኣብ ቅድሜኻ ክየጋጥመካ ፡ ለጋስ ምዃንካ እተረጋግጸሉ መድረኽ ኣይትረክብን ኢኻ። እዚ ኹሉ ኣጋጣሚታት እዚ ብኣምላኽ ዝተጋጠመ ደኣ እምበር ብርእሱ ዝተጋጠመ ከምዘይኮነ ኣይትዘንግዕ። ነዚ ኣምላኽ ዘዳለወልካ ኣጋጣሚታት እዚ ሽው ሽው ክትብለጸሉ እንተዘይክኢልካ ከሲርካ ኣለኻ ማለት እዩ። እግዚኣብሄር ዓው ኢሉ። 'እዚ እዩ እቲ ዘዳለኹልካ ኣጋጣሚ ወይ መድረኽ እሞ ሃየ ኣይትሕመቕ' ክብለካ ኣይትጽበ። ነዚ ሕጂ ከየስተውዓልካሉ እንተሓለፍካ ድማ ኣብቲታ መዓልቲ ፍርዲ ምስቶን ኣጣል ተመዲብካ ኪድ ርሓቕ ምስ ተባሃልካ ኣጸቢቕካ ክተስተውዕሎ ኢኻ። 'ግናኸ ወዲ ሰብ ብኽብሩ ምስ መጸ ኩሎም መላእኽቲውን ምስኡ ሽው ኣብ ዝፋን ክብሩ ይቕመጥ። ኩሎም ኣህዛብ ድማ ኣብ ቅድሚኡ ይእከቡ። ንሱ ከኣ ጓሳ ነባጊዕ ካብ ኣጣል ከምዚፈላልየን ካብ ነሓድሕደን ይፈላልዮም። ነተን ኣባጊዕ ኣብ የማኑ ነተን ኣጣል ድማ ኣብ ጸጋሙ የቑመን። ሽው እቲ ንጉስ ኣብ የማኑ ንዘለው ይብሎም ኣቱም ናይ ኣቦይ ብሩኻት ንዑ እቲ ኻብ ምስራት ዓለም እተዳለወልኩም መንግስቲ ውረሱ። ጠምየ ነበርኩ እሞ ኣብላዕኩምኒ ጸሚኤ ኣስቴኹምኒ ጋይሽ ተቐበልኩምኒ ዐሪቐ ከደንኩምኒ ሓሚመ በጻሕኩምኒ ተኣሲረ መጻእኩምኒ ሽው እቶም ጻድቃን ይመልሱሉ ጎይታይ መኣዝ ጠሚኻ ርኤናካ እሞ ኣብላዕናካ ወይ ጸሚእካስ ኣስቴናካ መኣዝከ ጋሻ ኴንካ ርኤናካ እሞ ተቐበልናካ ወይ ዐሪቕካስ ከደንካና፡ መኣዝከ ሓሚምካ ርኤናካ ወይ ተኣሲርካስ በጻሕናካ ይብሉ እቲ ንጉስ ከኣ እቲ ካብዞም ናእሽቱ ኣሕዋተይ ንሓደ ዝገበርኩምሉ ንኣይ ከም ዝገበርኩምለይ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ ኢሉ ይመልሰሎም ድሕርዚ ኣብ ጸጋሙ ንዘለው ይብሎም ኣቱም ርጉማት ካባይ ርሓቑ ናብቲ ንሰይጣንን ንመላእኽቱን እተዳለወ ናይ ዘልኣለም ሓዊ ጠምየ ነበርኩ እሞ ኣየብላዕኩምንን ጸሚኤ ኣየስተኹምንን ጋይሽ ኣይተቐበልኩምንን፡ ዐሪቐ ኣይከደንኩምንን ሽው ንሳቶም ጎይታይ መኣዝ ጠሚኻ ርኤናካ ወይ ጸሚእካ ወይ ጋሻካ ወይ ዓሪቕካ ወይ ሓሚምካ፡ ወይ ተኣሲርካ ዘየገልገልናካ ኢሎም ይመልሱሉ። ሽው ንሱ እቲ ካብዞም ናእሽቱ ንሓደ ዘይገበርኩምሉ ንኣይ ከም ዘይገበርኩምለይ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ ኢሉ ይመልሰሎም። እዚኣቶም ናብ ናይ ዘለኣለም ስቓይ ጻድቃን ግና ናብ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኪኸዱ እዮም።' (ማቴ፡25፡31-46)።

# ኣገልጋልን ኣገልግሎቱን

## ሻድሻይ ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ሕታምና፡ ቅድስና ባህርይና ክንገብሮ ከምዝግባእን ንቕድስና ዝምልከት ዝተፈላለዩ ሓሳባትን ርኢና ምንባርና ዝዘከር እዩ። ኣገዳስነት ቅድስና ዝዘንግዐ ኣገልጋሊ፡ ናበይ ንምብጻሕ ከምዝነቐለ ዘይፈልጥ ምስትውዓል ዝጎደሎ ኣገልጋሊ እዩ። <u>ገጽ እቲ እተፍቅሮ ኣምላኽ ንምርኣይ ነቒልካስ፡ ገጽ እቲ ቅዱስ ኣምላኽ ብዘይ ቅድስና ክትርእዮ ከምዘይትኽእል ምርሳዕ እቲ ዝዓበየ ወጽዓ እዩ።</u> ስለዚ ድማ እዩ ብዛዕባ ኣገዳስነት ቅድስና ብዕምቆት ክንርኢ ዝተገደድና። እዚም ኣሰዒብና እንርእዮም ባህርያትውን ናብ ቅድስና ንምብጻሕን፡ ዝበጻሕናዮ ደረጃ ቅድስና ኣብ ምዕቃብን ዝረድኡና ኣገደስቲ እዮም።

ንምርኣይ ነቒልካስ፡ ገጽ እቲ ቅዱስ ኣምላኽ ብዘይ ቅድስና ክትርእዮ ከምዘይትኽእል ምርሳዕ እቲ ዝዓበየ ወጽዓ እዩ።

## 4. ይቕረ በሃሊ ምኳን

ይቕረ በሃሊ ምኳን ኣምላኻዊ እምበር ሰብኣዊ ባህርይ ኣይኮነን። ስለዚ ድማ እቶም ተማቓልቲ ኣምላኻዊ ባህርይ ዝኾኑ ኣመንቲ እንተዘይኮይኖም ካልእ ክፍጽሞ ዝኽእል ኣካል ኣሎ ክበሃል ኣይክኣልን እዩ። ክንሓድግ እንኽእል ወይ ዘይንኽእል ምኳንና ድማ መለክዒ ናይቲ ምስቲ ሓዳግ ኣምላኽ ዘለና ቅርበት ወይ ዝምድና እዩ። ንቲ እናወግኣዎ ከለው፡ ሰቒሎምዎ ከለው ይቕረ ዝበለ ጎይታ እናሰዓብካ፡ ልብኻ ይቕሬታ ዘይርከቦ ምድረበዳ እንተኾይኑ፡ ክርስትያን ዘይምኳንካ ጥራይ እዩ ዘረጋግጽ። ብፍላይ ከም ኣገልጋሊ መጠን ሓዳግ ንምኳን ትጽገም እንተኼንካ፡ ዋላ ደም ክሳዕ እትርሃጽ እንተኣገልገልካ፡ ጻዕርኻ ዓስቢ የብሉን ጥራይ ዘይኮነስ መሪር ሳዕቤን ዘስዕብ ከምዝኾነውን ኣይትዘንግዕ። ስለዚ ንቲ ሓዳግ ኣምላኽ ይቕረ በሃሊ ንምኳን ክኽእለካ፡ ክትጽሊ ንስኻውን ንቲ ዘኽእል ሓይሉ ተቐቢልካ ንምሕዳግ ፍቓደኛ ክትኾነውን ይግብኣካ።

## 4.1 ኣምሳኺ ይቕሬ በሃሊ እዩ

ክምቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ፡ ቅድሚ ካብ ካልእ ዝኾነ ይኹን ቅዱስ ሰብ ምምሃርና፡ ካብቲ ንእታቶም ዘኸእለ ጎይታ ኢና ክንመሃሮ ዝግባእ። ናይ እግዚኣብሄር ሃብቲ ምሕረት እዚ ኢልካ ክልካዕ ዘይክእል ዓብዩ እዩ። ክሳዕ ክንድዚ ዝኣክል ብምሕረት ሃብታም እንተዘይከውን፡ ኣብ ምድሪ ብህይወት ክነብር ዝኽእል ሰብ ኣይምተረኸበን። ክምቲ ቅዱሳት ጽሑፋት ዝገልጽዎ እግዚኣብሄር ንሰብ እንተዝሓስቦ፡ ሓጢኣቱ እናጸብጸበ ብደቂቕ እናተመልከተ እንተዝቕጽዖ ንትንፋሱ ናብ ርእሱ መሊሱ ንሰብ ዝኾነ ኩሉ ካብ ገጽ ምድሪ መጥፍኦ ነይሩ (መዝ፡130፡3፣ እዮ፡34፡14,33)። እግዚኣብሄር ካብ ብመቕጻዕቲ ብይቕሬታ ዝገዝእ ህዝቢ ክምዝበዝሕ ርእዩ ሓቂ እዩ። 'ምእንቲ ክፈርሁኻስ ይቕሬታ ምሳኻ ኣሎ' ከም እተጻሕፈ፡ ብምኽንያት እቲ ብወዱ ብኢየሱስ ክርስቶስ ገይሩ ዝገለጾ ሕድገቱ፡ ብቢልዮናት ዝቑጸሩ ሰባት ይፈርህዎን ይስዕብዎን የምልኽዎን ኣለው (መዝ፡130፡4፣ ህዝ፡18፡22)። ናይ ክርስቶስ ኮነ ናይ ኣቦ ናይ ይቕሬታ ባህርይ ኣብ ቅዱሳት ጽሑፋት ብሰፊሑ ተገሊጹ ንረኽቦ ኢና (ዘሌ፡5፡10፣ መዝ፡103፡3፣ ግብ፡5፡31፣ ግብ፡13፡38፣ ግብ፡26፡18፣ ኤፌ፡1፡7፣ ያእ፡5፡15፣ 1ዮሃ፡1፡9)።

እምበኣር ናይ ክርስትያን ሓዳግ ምዃን ካብቲ ናይ እግዚኣብሄር ናይ ሕድገት ባህርይ እዩ ዝበቁል። ኣብ ጥቓ ናይዚ ምሕረት ዓይኒ ማይ ዘይተተኸለት ተኸሊ፡ ምሕረት ክትገብር ምሕረት ክተፍሪ ዘይሕሰብ እዩ። እቲ ኣብ መስቀል ኮይኑ መገርምና ወሲዱ ምሕረቱ ዝሃበ ክርስቶስ ኣብ ኣእምሮኡ ዘይተሳእሎ ሰብ፡ ምሕረት እንታይ ምዃና ንኣሰና ኣይፈልጣን እዩ። ነዚ ናይ ክርስቶስ ናይ ምሕረት ሃብቲ ምእንቲ ክንስተማቕሮ፡ ሓድሓደ ኣብነታት ካብ መጽሓፍ ቅዱስ እንተርኤና ጽቡቕ እዩ።

## *4.2 ኣብነት ይቕሬታኡ*

ሓደ ካብቲ ዘደንቕ ምሕረት ዘርኣየሉ ኣጋጣሚ እቲ ንኣገልጋሊኡ ንጴጥሮስ ዝገበሮ ምሕረት እዩ። ጎይታ ኣብቲ ናይ መወዳእታ መዓልትታቱ፡ ንደቀ መዛሙርቱ ክገጥሞም ካብ ዝኽእል ፈተናታት ኣቐዲሙ ኣጠንቂቕዎም እዩ። ቅድሚ ደርሆ ኑቕ ሰለስተ ጊዜ ክም ዝኽሕዶ ጎይታ ንጴጥሮስ ምስ ነገሮ፡ ጴጥሮስ ግን ኣብ እግሪ ጎይታ ተደፊኡ ካብ ክምኡ ዝበለ ክሕደት ንኽድሕኖ ክንዲ ዝልምን፡ 'እዚ ዝበልካዮ ቅኑዕ ኣይኮነን፡ ተጋጊኻ ኢኻ፡ ብዛዕባይ እቲ ቅኑዕ ዝኾነ ርድኢት የብልካን' ዝብል መደረ'ዩ ኣስሚዑ። 'ኖ' እናበልዎ ንዝተጋገየ ይቕረ ምባል ኣዝዩ ከቢድ እኳ እንተኾነ፡ ጎይታ ግን ነቲ እናተጃሃረ ዝኸሓደ ጴጥሮስ ዝኸውን ናይ ምሕረት ቆላሕታ ነይርዎ። እዚ ናይ ምሕረት ቆላሕታ እዚ ንጴጥሮስ፡ ንምብካይ ሓይሊ ክሳዕ ዝስእን ብመረር ብኽያት ክምዝንሳሕ ገርዎ እዩ። ድሕሪ እዛ ምሕረትን ሕድገትን እዚኣ፡ ጴጥሮስ ንዝተሓተቶ ሕቶ ምምላስ ክሳዕ ዝስእን ንጎይታ ክምዝፈርህ ኮይኑ እዩ። ኣብዚ እቲ ንዓይ ኣዝዩ ዝገርመኒ ነገር፡ ይቕሬታ ምሃብ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብቲ ምርኡይ ኣገልግሎቱ ክቕጽል፡ መጋቢነትን ሓለዋን ናይ መጓሲኡ እንደገና ኣብ ኢዱ ምሃቡ'ዩ።

ጎይታ ግን ይትረፍ ንኸምዚ ብዝበለ ዘይጠዓሰሉ ንስሓ ዝተነስሐ እሞ ከኣ ኣገልጋሊኡ ዝነበረ ሰብ፡ ነቶም

ብፍጹም ጽልኢ ሰቒሎም የላግጹሉን ይወግእዎን ንዝነበሩ ሰባት ክይተረፈ'ዩ ብዘደንቕ ምሕረት ይቕሬታ ገይሩሎም። ናይቲ ምሕረት ድሌት ዘይነበሮም፡ ገና ድማ ምብዳል ይቕጽሉ ንዝነበሩ ሰባት፡ እሞ ከአ ኣብ ብርቱዕ ቃንዛን ኣንፈ ሞትን ሃሊኹ፡ ስሊኦም ምሕረት ምልማን መዝገበ ቃላትና ክገልጾ ዘይክእል መለክዒ ዘይብሉ ፍጻሜ እዩ። ካብቲ ኣዝዩ ዘደንቕ ነገር 'ዝገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ በደሎም ሕደገሎም' ምባሉ እዩ።

> ክንሓድግ እንኽእል ወይ ዘይንኽእል ምኳንና ድማ መለክዒ ናይቲ ምስቲ ሓዳግ ኣምላኽ ዘለና ቅርበት ወይ ዝምድና እዩ።

ፈሪሳውያን እቶም ደቂ መንደላይ ተመን፡ ዝገብርዎ ኣይፈልጡን ነይሮም ኢልካ ክትዛረብ ብዓይኒ ስጋ ዕሽነት እዩ ዝመስል። ነቲ ኣብ መንጎ ምሕላንን ሓሳብን እትዩ ክፈርድ ዝኽእል ጎይታ ግን ኣይክምእኑን እዩ። ንሓጢኣት ካብ ሓጥእ ሰብ ፈሊኻ ምርኣይ እቲ ዝዓበየ ክእለት እዩ። እቲ ዝገብርዎ ዘለው ተግባር በቲ ሽፍናኡ ክኸስ ዝመጸ ናይ ጥንቲ ተመን ድያብሎስ ተደሪኾም ደኣ እምበር ካብ ግዛእ ርእሶም ክምዘይከነ እሞ ዝገብርዎ ክምዘይፈልጡ ኣጸቢቑ ይፈልጥ እዩ። ስለዚ ከኣ ካብ ልቡ ምሕረት ለሚኖሎም።

ካብዚ ናይ ጎይታ ናይ ምሕረት ተመክሮ ክንመሃሮም ዝግብእና ዓበይቲ ነጥብታት ኣለው። እቲ ቀዳማይ፡ መበቆል ናይቲ ተግባር መን ምኳኑ ምፍላጥ እዩ። ነዚ እንድሕሪ ዘየለሊና ነቲ ሓጢኣትን ነቲ ሓጥእን ክም ሓደ ጌርና ስለ እንርእዮም ይቕረ ምባል ከኸብደና እዩ። ይቕረ ምባል ማለት ነቲ ሓጢኣት ሸለል ምባል ማለት ዘይኮነስ ንሓጢኣቱ ተጸዩፍካ ስለቲ ሓጥእ ግን ምድንጋጽ ምፍቃር ምሕላይ ማለት እዩ። ነቲ ሓጥእን ንሓጢኣቱን ፈላሊና ክንርእዮም ዘኽእለና ድማ፡ ናይ ኩሉ ክፍኣት ምንጪ እቲ ክፉእ ድያብሎስ ምኳኑ ምፍላጥ እዩ። ኩሉ ጽቡቕ ግብሪ ብኣምላኽ ተደሪኽና ጥራይ ክንገብሮ እንኽእል እንተኾንና ኩሉ ክፍኣት ድማ በቲ ክፉእ ሰይጣን ተደሪኽና ጥራይ ኢና እንገብሮ። ስለዚ ቅልስና ምስቲ ዝድርኾ ዘሎ ሰይጣን ደኣ እምበር ምስቲ ስጋን ደምን ክኸውን ኣይግባእን።

እቲ ካልኣይ ዓብይ ትምህርቲ ድማ፡ እቲ ክርስቶሳዊ ይቕሬታ እቲ በዳሊ በደሉ ሓዲጉ መጺኡ ይቕሬታ ምስሓተተ ዝወሃብ ዘይኮነስ፡ ዋላ እቲ በደል እናቐጸለ ናይ ምጥዓስ ምልክት እኳ ኣብ ዘይብሉ ሰዓትውን ዝወሃብ ምኳኑ እዩ። እዚ ኣበሃህላ እዚ ንኣንባቢ ክስንብዶ ዝክእል እዩ። ይቕሬታ እናተለመንና ይቕረ ምባል ዝኣብየናስ፡ ሰብ ገና እናሰቐለና ክሎ ይቕረ ክንብለሉ ኣዝዩ ክምዝኸብደና ኣዝዩ ብሩህ እዩ። እንተኾነ እቲ ንሕና ንሰባት ክንህቦ እንኽእል ናይ ይቕሬታ መጠን፡ መለክዒ ናይቲ ምስ ኣምላኽ ዘለና ቅርበትን መንነትን ምኳኑ ዘይምዝንጋዕ ጠቓሚ እዩ። ክርስቶስ ገና ጸላእቲ ክሎና እዩ ኣፍቂሩና። እዚ ከኣ እዩ ነቲ መስዋእቲ ናይ ክርስቶስ ዝዓበየ ዋጋ ዝህቦ (ሮሜ:5:6,8,10)።

እቲ ሳልሳይ ነጥቢ ድማ፡ ክርስቶስ ነቲ እቶም ሰባት ኣብ ልዕሊኡ ዘውርድዎ ዝነበሩ ጉድኣት ዘይኮነስ፡ ነቲ ሓጢኣቶም ኣብ ልዕሊኦም ዘውርዶ ዘሎ ጉድኣት ዝያዳ ኣቓልቦ ይህቦ ምንባሩ እዩ። ካብቲ

ናቱ ስቓይ ንሳዕሊ፡ እቲ ናቶም ናይ ነፍሲ ስቓይ ብዝያዳ ይሰምዖ ነይሩ። ንሳቶም ንሲጋ ክርስቶስ ክቐትሉ ከለው፡ እቲ ዝገብርዎ ዘለው ሓጢኣት ግን ንነፍሶምን ንመንፈሶምን ይቐትል ነበረ። ንክርስቶስ ድማ እታ ካብ ሓጢኣት ክድሕና ኢሉ ዝሞተላ ዘሎ ነፍሲ ክትመውት ከላ ካብ ምርኣይ ዝኸፍእ ስቓይ ክህልዎ ኣይክእልን እዩ። ንሕናውን ይቕረ ንምባል ክቐልለና እንተኾይኑ፡ እቲ ኣብ ክርስቶስ ዝነበረ ኣረኣእያ ክህልወና የድሊ።

ክርስቶሳዊ ይቕሬታ
እቲ በዳሊ በደሉ ሓዲጉ
መጺኡ ይቕሬታ
ምስሓተተ ዝወሃብ
ዘይኮነስ፡ ዋላ እቲ በደል
እናቐጸለ ናይ ምጥዓስ
ምልክት እኳ ኣብ
ዘይብሉ ሰዓትውን ዝወሃብ
እዩ።

## 4.3 ይቕሬታ ትእዛዝ እምበር ምርጫ ኣይኮነን

ይቕሬታ ምግባር ክንፍጽሞ ዝግብኣና ትእዛዝ እምበር ክንሕሰቦ እንኽእል ምርጫ ኣይኮነን። ንሕና ተማቐልቲ ናይቲ ኣምላኻዊ ባህርይ ክንከውን ኑቲ ኣረጊት ሰብነትና ቀንጢጥና ኑቲ ብመልክዕ ኣምላኽ ዝተፈጥረ ሓድሽ ሰብ ክንለብስ ዝተጸዋዕና ካብ ኮንና፡ ኑቲ ሓዳግ መልክዕ ናይ ኣምላኽ ክንለብሶ ናይ ግድን እዩ። 'መሓርቲ ምሕረት ክረኽቡ እዮም እሞ ብጹኣን እዮም' ከምዝተጻሕፈ፡ ኑቲ ዝሓለፈ ኣበሳና ዝኸውን ካብ ኣምላኽ ዝረኸብናዮ ምሕረት እንዕቅበሉ፡ ኑቲ ዝመጽእ ኣበሳና ምሕረት እነውሕሰሉ እንኮ መንገዲ ንሕና ከም ኣምላኽና መሓርቲ ምስ እንኸውን ጥራይ እዩ። (ማቴ፡5፡7)። ኣብቲ ጎይታ ዝመሃረና ጸሎት ክይተረፈ ይቕሬታ ከም ዝተፈጸመ መስርሕ ጌሩና ኢና እንጽሊ 'ንሕና ንዝበደሉና በደሎም ከምዝሓደግናሎም በደልናን ኣበሳናን ሕደገልና' ኢልና ክንጽሊ እዩ ተነጊሩና። ስለዚ በደል ብጸዩ ክይሓደገ፡ ነዛ ጸሎት እዚኣ ክጽሊ ዝግብኦ ሰብ የልቦን። ነዚኣ ቃል እዚኣ ሰጊርና ኑቲ ካልእ ትሕዝቶ ናይታ ጸሎት'ውን ክንጽልያ ኣይንኽእልን ኢና። በደል ብጸዩ ክይሓደገ፡ ነዛ ጸሎት እዚኣ ዝጸለየ፡ ጸሎቱ ዘይቅበል ይኸውን ጥራይ ዘይኮነስ፡ በቲ ርእሲ ኩሉ ጸሎታት ዝኾነ ጸሎት ይዋዘ ከምዘሎ ይፍለጥ። ነዛ ጸሎት እዚኣ ፈጺሙ ገዲፉ፡ ኣብ ኣፉ ዝመጾ ካልእ ጸሎት እንተጸለየ'ውን ኑቲ ይቕረ ናይ ምባል ሓላፍነቱ ኣየጉድለሉን እዩ። ስለዚ ሕመረት ጸሎትና በደል ብጸይካ ምሕዳግ ክኸውን ምርጫ ዘይኮነስ ግዴታ እዩ።

## 4.4 ምስላ ብዛዕባ ይቕሬታ

ጎይታና ብዛዕባ ሕድገት ሓጢኣት ብሃዋርያ ጴጥሮስ ሓደ ዘገርም ሕቶ ተሓቲቱ ኣብ ዝሃቦ መልሲ ዝገለጾ ምስጢር ኣዝዩ ዓሚቝ እዩ (ማቴ፡18፡21-30)። ጴጥሮስ ኣብ ሕቶኡ ክንገብሮ ዝግብኣና መጠን ናይ ሕድገት ክንደይ ከምዝኾነ እዩ ንጎይታ

ሓቲትዎ። በቲ ናይ ሰብ መስፈሪ፡ ሓደ ሰብ ካብ ሸውዓተ ጊዜ ንላዕሊ ክትሓድገሉ ንጴጥሮስ ብዙሕ ኮይኑ ተራእዮ። ስለዚ ድማ ከም ኣበሃህላ ናይ ጴጥሮስ ኣብ መበል ሻምናይ በደል ይቕረ ምባል ሓዲጉ፡ ቂም ሒዙ እቲ ጎይታ ዝመሃሮ ጸሎት እናጸለየ፡ ነቲ ሓዳግ ጎይትኡ እናሰዓበ ክመላለስ እዩ መደቡ። መልሲ ጎይታ ግን፡ ሰብዓ ሳዕ ሾብዓተ፡ ማለት ኣርባዕተ ሚእትን ተስዓን (490) ጊዜ ሕደገሉ ዝብል እዩ ነይሩ። ኣብዚ ሓድሓደ ክንሓቶ ዝግብኣና ሕቶታት ኣሎ። ሓደ ሰብ ብብጻዩ 490 ጊዜ ይቕሬታ ዘሕትት በደል ክብደል ይኽእልዶ? ምናልባት ክንድኡ ዝኣክል በደል እንተተበደለውን ኣብ መበል 491 ጊዜ በደል ምሕዳግ ደው ንኽብል፡ ነዚ ኹሉ በደል ዝምዝግበሉ መዝገብ ኣየድልየናዶ? ክርስቶስ 490 ጊዜ ሕደገሉ ክብል ከሎ ኣብ መበል 491 በደል ክትሕዘሉ ጀምር ኢሉ ዘፍቀደዶ ይመስለኩም? ሓደ ሰብ ንብጻዩ ክንድዚ ዝተጠቕሰ ጊዜ ዝኣክል ይቕሬታ ዘሕትት በደል ክብድሎ ዘይሕሰብ እዩ። ምናልባት ዝኾውንን ዘይከውንን ቀንጠመንጢ ነገር ጸባቢጽካ ተማዊትካ ኣብኡ ክተብጽሖ ዝከኣል እዩ። ክንድኡ ዝኣክል ንሓደ ሰብ ክብድል ዝኽእል እንተልዩ፡ ነቲ በደል እቲ ምጽብጻብ ዝግባእ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ካብቲ ናቱ በደል ንላዕሊ፡ እቲ ናትካ በደል ናይ ምጽብጻብ ኣበሳ ዝዓበየ ክኸውን እዩ። ሽዑ ድማ ይቕረ ዝበሃለልካ እምበር ይቕሬታ ዘይትሕትት ሰብ ናብ ምኻን ኣንቆልቊልካ ኣለኻ ማለት እዩ። ክርስቶስ ድማ ነዚ ቁጽሪ እዚ ሱቕ ኢሉ ብሃውሪ ዝጠቐሶ ቁጽሪ (Arbitrary) ኣይኮነን። ንሱ በቲ ዘይልካዕ ኣእምሮኡ በቲ ዘለኣለማዊ ፍልጠቱ፡ ናብኡ ክጽጋዕ ዝኽእል ይቕሬታ ዝሓትት በደል ብብጻይና ክንብደል ከም ዘይንኽእል ፈሊጡ ዝጠቐሶ ቁጽሪ እዩ።

ጎይታ ነዚ ሕቶ እዚ ንምምላስ ዝተጠቕመሉ ምስላ ኣዝዩ ግሩም እዩ። ሓደ ጸብጻብ (ኦዲት) ክገብር ዝደለየ ንጉስ፡ መዛግብቲ ምስ ፈተሸ፡ እልፊ (10,000) መክሊት ዕዳ ዘለዎ እሞ ዘይከፈለ ሰብ ረኺቡ ኣሲሩ፡ ንሱን ሰበይቱን ደቁን ንብረቱን ተሸይጦም ነቲ ዕዳ መኽፈሊ ክኾኑ ፈረደ። ሓደ መክሊት 6000 ዲናር እዩ ዝሸረፍ። ናብ ዲናር ክቕየር ከሎ 10,000 X 6000 = 60,000,000 ዲናር ማለት እዩ። ሎሚ ንርእስኻ ኣብዚ ቦታ ናይዚ ሰብኣይ ኣእቲኻ እሞ ረኣዮ፡ ሱሳ ሚልዮን ናቕፋ ዕዳ ሃልዩካ እንተትሕተት እንታይ ምተሰምዓካ? እዚ ሰብኣይ እዚ ምስ ተፈርደ፡ ኣብ እግሪ እቲ ንጉስ ተደፊኡ፡ ምሕረት ዘይኮነስ ቁሩብ ጊዜ ክዕገሶ'ሞ ገንዘብ ኣምጺኡ ዕድኡ ክፈዲ ለመነ። ኣለማምንኡ ርእዩ ሕያዋይ ንጉስ ስለዝነበረ፡ መኽፈሊ ጊዜ ንምሃብ ተዓጊስዎ ዘይኮነስ፡ ንብዘሎ ዕድኡ ደምሲሱ ብነጻ ሰደዶ። እነ ክሓስቦ ከለኹ፡ እቲ ሰብኣይ ብሓጎስ ንምንታይ ከም ዘይተተኮሰ'ውን ኣይርድኣንን እዩ። ልዕሊ ዓቕሙ እዩ ተማሒሩ።

> ክርስቶስ ነቲ እቶም ሰባት ኣብ ልዕሊኡ ዘውርድዎ ዝነበሩ ጉድኣት ዘይኮነስ፡ ነቲ ሓጢኣቶም ኣብ ልዕሊኦም ዘውርዶ ዘሎ ጉድኣት ዝያዳ ኣቓልቦ ይህቦ ምንባሩ እዩ።

እቲ ዘሕዝን ግን ዕዳ ገንዘብ ተማሒሩስ ዕዳ ምሕረት ክምዝተጸዕነ ኣየስተውዓልን። ኣብ መንገዲ ንሱ ሚእቲ ዲናር ጥራይ ዝእውዶ ሰብ ምስ ረኸበ ብኽሳዱ ሓኒቑ ዕዳኻ ፍደየኒ ኢሉ ኣእሰሮ። ንሱ ክኸፍል ተፈሪድዎ ነይሩ እንተዝኸውን፡ ናይዚ ሰብኣይ ሚእቲ ዲናር ኣብ ምኽፋል ምሓዝዎ ነይሩ ይኸውን። እዚ ግን ዝኸፈል የብሉን። እኹል ገንዘብ ከኣ ኣለዎ፡ ምኽንያቱ፡ 'ንክኸፍለካ ቁሩብ ተዓገሰኒ' እዩ ኢሉ እምበር ክኸፍሎ ዘይክእል ገንዘብ ምዃኑ እኳ ኣይተዛረበን። እዚ ተግባሩ'ዚ እቲ ምሕረት ናይቲ ንጉስ ኣብ ልቡ ፈጺሙ ጦብላሕ ከምዘይበሎ እዩ ዘርእየና። እዚ መዐቀኒ ዘይብሉ ምሕረት ፈጺሙ ስለዘይተሰምዖ ከኣ እዩ ነዚ በዓል ንእሽቶ ዕዳ እትኸውን ምሕረት ዝሰኣነ። ናይዚ ሕጂ ዝሕተቶ ዘሎ ምሕረት፡ 600,000 ዕጽፊ ዝኣክል ምሕረት ረኺቡ ክነሱ ንሱ ግን ሓንቲ እኳ ክህብ ኣይክኣለን። እቲ ንጉስ ነዚ ነገር'ዚ ምስ ሰምዐ ኣዝዩ ተናደደ እሞ ነቲ ዝገበሮ ምሕረት ተጣዕሰሉ ናብቲ ቀዳማይ ፍርዲ ተመሊሱ ድማ ኣሰሮ።

እምበኣርከስ፡ ብመጠን'ቲ ሰብ ኣብ ልዕሌና ዝፈጸሞ በደል ዘይኮነስ ብመጠን እቲ ንሕና ዝበደልናዮ እሞ ኣምላኽ ዝሓደገልና በደል ይቕረ ክንብል ከምዝግባእ ጎይታ ምሂሩና ኣሎ። ስለዚ ንዝበደሎ ሰብ ይቕረ ክብል ዝኸበዶ ሰብ፡ ነቲ ብኣምላኽ ዝተዋህቦ ከቢድ ይቕሬታ ኣቕዲሙ ክሓስብን ክርዳእን ይግባእ። 'ከምቲ ዝተገብረልኩም ከምኡ ግበሩ እዩ እሞ፡ ይቕሬታ ከምዝተገብረሉ ዘይፈልጥ ሰብ፡ ንብጻዩ ይቕሬታ ክገብር ኣይክእልን እዩ።

## 4.5 ሰብኣዊ ኣብነት ናይ ይቕሬታ

እቲ ኣምላኽዊ ኣብነት መዳርግቲ ዘይብሉን እኹልን እኳ እንተኾነ፡ ከም ሰባት መጠን፡ ነቲ ኣምላኽዊ ኣብነት ተኸቲሎም፡ ይቕረ ኣብ ምባል ናይ ዝተዓወቱ ሰባት ኣብነት እንተርኣና'ውን ጽቡቕ እዩ። እቲ ብቐዳማይ ደረጃ እንርእዮ ሰብ እቲ መንፈስን ጥበብን ዝመልአ እስጢፋኖስ እዩ። ኣብ ልዕሊ እስጢፋኖስ ዝወረደ ቁጥዓን ተጻብኦን ኣብ ካልእ ሰብ ወሪዱ ክትብል ኣጸጋሚ እዩ። ሰባት ከም እንስሳ መሮር እናጨደሩ፡ እቲ ጭድርታኦም ተመሊሱ ንእዛኖም ኣጽሚምዎም ክደፍንዎ ክሳዕ ዝግደዱ ኣስናኖም ክሳዕ ዝስማዕ እናሓርቀሙ ዘውርድዎ መከራ ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ኣብቲ እዋን እቲ ገጾም እንታይ ይመስል ከምዝነበረ ኣይስሓትን እዩ። እስጢፋኖስ ብቕዱስ ቅንኢ ተቖጢዑ 'ኣቱም ልቦም ዝደንዘዘ ተረርቲ ክሳድ' ኢሉ ደኣ ይግናሕ እምበር ንኣታቶም ዝነበሮ ፍቕሪ፡ ንህይወቱ ኣብ ሓደጋ ክሳዕ ዘእቱ ቃል ወንጌል ብዘገርም ቅደም ተኸተል ኣበሲርዎም እዩ። እቲ ቁጥዓ ናይቶም ሰባት፡ እቲ ናይ ዳርባ እምኒ ዝናብ፡ ነቲ ኣብ ውሽጡ ብዛዕብኦም ዘልዎ ሓልዮትን ፍቕርን ክደብዮ ኣይክኣለን። ዋላ እኳ ከም ሰብ መጠን ኣብዛ ህሞት እዚኣ ይቕረ ክብል ዝኸብዶ እንተኾነ፡ ነቲ እናተሰቕለ ምሕረት ዝገበረ ጎይታ ይጥምት ስለዝነበረ ምሕረት ክገብር ኣየጸገሞን። ኩሉ ኣካላቱ በእማን እናተጨፍለቐ እንከሎ 'በደሎም ኣይትሓዘሎም' ኢሉ ስለቶም ዝቐተልዎ ዘለው ሰባት ዝጸሊ ኣእምሮ ምርካቡ ኣዝዩ ዘደንቕ እዩ። ካብ ደቂ ሰብ ካብዚ ንላዕሊ ኣብነት እንታይ ምጽባይ ይከኣል?

እቲ ኣስዒብና እንርእዮ ሰብ ድማ ዮሴፍ እዩ። ዮሴፍ ኣሕዋቱ ብርቱዕ ቅንኢ ቀኒኦም ናብ ምድሪ ግብጺ ምስ ሸጥዎ፡

ብዙሕ መከራ እዩ ኣሕሊፉ። እግዚኣብሄር ኣብቲ መከራ ስለዝተዋስአ ግን እቲ መከራ ናብ ራህዋ ዘደይብ መሳልል ኮይኑሉ። ንሳቶም ብኽፍኣት እኳ እንተገበርዎ እግዚኣብሄር ግን ኣብ ውሽጢ እቲ ክፍኣቶም ንጽቡቑ ይዓዪ ስለዝነበረ፡ ዮሴፍ'ውን ነዚ ኣጸቢቑ ስለ ዘስተውዓሎ በቲ በደል ኣሕዋቱ ልቡ ኣይተጎድአን። ስለዚ ከኣ ብኣካል ስጋ ምስ ረኸቦም ብብርቱዕ ፍቕሪ ተቐቢልዎም። ኣብ ዝነበሮም ተደጋጋሚ ርክብ ቁሩብ ዘርባዕባዕ ክብሎም እኳ እንተፈተነ፡ ከሸግሮም ኢሉ ዘይኮነስ ንንስሓ ክረድኦም ከም ዝኸኣለ ክነስተውዕል ይግባእ። ንሱ ዮሴፍ ምኽኑ ምስ ነገሮም። ብብርቱዕ ይቕሬታ ፍቕሩ ክገልጸሎም እኳ እንተደለየ፡ ንሳቶም ግን ንነፍሶም ይቕረ ክብሉላ ስለዘይከኣሉ ምጽጋዕ ኣበይዎ። እቲ ይቕረ ንኽብለሎም ዝደረኾ ምኽንያቱ ክገልጽ ከሎ 'ንስኻትኩም ንኽፉኣይ ሓሰብኩም እግዚኣብሄር ግና፡ ከምቲ ሎሚ ኾይኑ ዘሎ ኺገብር ብዙሕ ህዝቢ ምእንቲ ከድሕን ንጽቡቕ ሓሰበ።' ብምባል ተዛሪቦም። ብልሜ ቅዱሳን ኣብዚ እዩ ዘሎ። ንቲ ዝገጠሞም ጽቡቕ ኮነ ሕማቕ ኣጋጣሚታት ምስቲ ንኣጋጣሚታት ዘጋጥም ኣምላኽ ኣዛሚዶም እዮም ዝርእይዎ እምበር፡ ምስ ስጋን ደምን ጥራይ ኣየዛምድዎን እዮም። ስለዚ ከኣ ንኹሉ ኩነታት ንረብሕኦምን ንረብሓ ኣምላኽን ይዕወቱሉ። ንቲ ኣምላኽ ኣብ ውሽጢ እቲ ክፉእ ግብሮም ዝገበሮ ጽቡቕ ነገር ከይረኣየ፡ ንቲ ናቶም ግብሪ ጥራይ እንተዝርኢ፡ ይትረፍ ክምሕሮምሲ፡ ንምቕታሎም ወይ ካብኡ ዝኸፍእ ንምግባሮም ጊዜ ኣይምወሰደን። እንተኾነ ኣብ መንጎ ኣዒንቱን ኣብ መንጎኦምን ንኣምላኽ ስለዘቐመጠ ንኣምላኽ ስጊሩ ኣብኣቶም ክፉእ ክገብር ኣይከኣለን። ብኸምዚ ዓይነት ህይወት ንኹነታት ክንመዝን እንተዘይክኢልና፡ ሚዛን ነፍስና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክጽብቐልና ትጽቢት ክንገብር ንቡር ኣይኮነን።

እቲ ብሳልሳይ ደረጃ እንርእዮ ሰብ ድማ ንጉስ ዳዊት እዩ። ኣብ ልዕሊ ዳዊት ብሳኦል ዝወረደ ኣደራዕ፡ ቀሊል ኣይነበረን። ከም ጓል በረኻ ኣብ ፈቐዶ በዓትን ኣኽራንን ስንጭሮታትን ክምዝሰፍር ጌርዎ እዩ። ሓያሎ መዓልቲ ንቲ ዝሳቐዮ ዝነበረ ክፉእ መንፈስ ከዐግስሉ ብጥዑም ቃና በገና ብጥዑም ድምጽን እናዘመረሉ ከሎ ምስ መንደቕ ንኽጣብቖ ኩናት ወርዊሩሉ። ኣብ ኢድ ፍልስጤማውያን ወዲቑ ምእንቲ ክጠፍእ ናብ ኩናት እናለኣኸ ክንደይ ሳዕ ኣግዲዕዎ እዩ። እዚ ጥራይ ከይኣክል በጠሎኒታት እናኣሰለፈ ንምህዳኑ ክንደይ ጊዜ ኣብ በረኻ ሓዲሩ እዩ። ሳኦል እዚ ኹሉ ክገብር ከሎ፡ ዳዊት ኣብ ልዕሊ ሳኦል ክብለጸሉን ከቃብጾን ዝኽእለሉ ኣጋጣሚታት ነይሩ። ካብቶም ምስኡ ዝነበሩ ፈተውቱ'ውን፡ ካብዚ ዝበልጽ ኣጋጣሚ ክረክብ ከም ዘይክእል እናገለጹ፡ ኣብ ልዕሊ ሳኦል ኣእዳው ክዝርግሕ ብርቱዕ ድፍኢት ገይሮሙሉ እኳ እንተነበሩ ንሱ ግን ፈጺሙ ኣበየ።

ካብ ኩሉ ንላዕሊ ዘሐጉስ፡ እቲ ንምእባይ ዘቕረቦ ምኽንያት እዩ። 'ናብ ቅቡእ እግዚኣብሄር ኢደይ ምዝርጋሕ ካባይ ይርሓቕ' ኢሉ እዩ ዘመኽነየ። ዳዊት ከምዚ ኢሉ ክመኽኒ ከሎ ሳኦል ቅብኣቱ ኣጥፊኡስ፡ ብኻልእ ክፉእ መንፈስ ተቐቢኡ ከምዘሎ ስሒትዎ ኣይኮነን። ቅዱሳን ኣብ መንገዶም ክይዕንቀፉ እንተደልዮም ንጉዳዮም ምስ እግዚኣብሄር እዮም ዘተሓሕዝዎ። ዳዊት ከኣ ከምኡ እዩ ገይሩ። እቲ እግዚኣብሄር ብቕብኣቱ ዘልዓሎ ሰብ፡ ባዕሉ ክሳዕ ዘውርዶ ብትዕግስቲ ምጽባይ እዩ መሪጹ። ካብ ብሴፍ ዝወቕዮ፡ ብምሕረት እንተወቕዮ

ዝያዳ ከም ዘሕምሞ ይፈልጥ እዩ። ንኽፉእ ብሰናይ እምበር ብኽፉእ ክትስዕሮ ኣይከኣልን እዩ። ክፉእ ኣብ ልዕሌና ዝወርድ ብእኡ ንኽንጉዳእ ዘይኮነስ፡ ንዓና ክፉእ ንምግባር ክድርኸና እሞ፡ ብገዛእ ክፉእና (ሓጢኣትና) መንፈሳዊ ሞት ክስዕበልና ስለ ዝደለየ እዩ። ስለዚ ንኽፉእ ብክፉእ ክትስዕሮ ምውሳን ማለት፡ ከይተረድኣካ ንርእስኻ ክትስዓር ምውሳን ማለት እዩ (ሮሜ፡12፡21)። ዳዊት ነዚ ስለዝፈለጠ'ዩ ነቲ ክፍኣት ናይ ሳኦል ብሰናይ ምሕረት ክስዕሮ ዝመረጸ። ሳኦል፡ ዳዊት ይገብረሉ ንዝነበረ ሕድገታት ምስ ሰምዐ ብርቱዕ ብኽያት ይበኪ፡ 'ንስኻ ካባይ ትጸድቕ' እናበለ ክኣ ይምስክረሉ ነበረ። ብሴፍ ወቒዕዎ እንተዝኸውን ግን እዚ ኹሉ ኣይመስተውዓለን ነይሩ። ሰይፊ ነዚ በስባሲ ስጋ ጥራይ እዩ ዝወቅዕ፡ ይቕሬታ ግን ናብ ውሽጢ ሕልና ናብ ኣእምሮ ኣትያ እያ እትወቅዕ። ስለዚ ነቲ ዝበለጸ ኣጽዋር ምምራጽ ዝዓበየ ምስትውዓል እዩ።

ዝረኣናዮም ኣብነታት ውሑዳትን ቀለልትን ኣይኮኑን። ነቲ ምስትውዓል ዘለዎ ኣኺሎም ዝተርፉ እዮም። ነዞም ኣብነታት እዚኣቶም ኣብ ህይወትና ተግባራዊ ብምግባር ክንረብሖ እንኽእል ረብሓ ቀሊል ኣይኮነን። እቲ ቀዳማይ ረብሓና ምሕረት ኣምላኽ ንነፍስና ነውሕሳ ምህላውና እዩ። ካልኣይ ረብሓና ድማ ነቲ በዳሊ ሰብ ብይቕሬታ ናትና ክንገብሮ ምኽኣልና እዩ። እቲ ሳልሳይ ረብሓና፡ ነቲ ዘየድሊ ሕርሚ ካብ ነፍስና ብምርሓቕ እንረኽቦ ዕረፍቲ ነፍሲ ቀሊል ኣይኮነን። ተቐዪሙ ክነሱ ልቡ ዝዓርፈሉ ሰብ እንተልዩ ኣብ ናይ ሰብ ዘርኢ ክትሰርዮ'ውን ኣጸጋሚ እዩ። እቲ ራብዓይን ዝዓበየን ረብሓና ድማ ብስጉምትና ንልቢ ኣምላኽ ምስማርና፡ ንፍቓድ ኣምላኽ ከምቲ ኣብ

ሰማያት ከምእዉን ኣብ ምድሪ ንኽፍጸም ምኽንያት ምዃንና እዩ። ነዚ ረብሓታት እዚ ኣዕሚቑካ ምስትንታን ንይቕሬታ ንብረትካ ክትገብሮ ዘሀንጢ ጥዑም መኣዛ ኣለዎ።

ክፉእ ኣብ ልዕሌና ዝወርድ ብእኡ ንኽንጉዳእ ዘይኮነስ፡ ንዓና ክፉእ ንምግባር ክድርኸና እሞ፡ ብገዛእ ክፉእና (ሓጢኣትና) መንፈሳዊ ሞት ክስዕበልና ስለ ዝደለየ እዩ። ስለዚ ንኽፉእ ብክፉእ ክትስዕሮ ምውሳን ማለት፡ ከይተረድኣካ ንርእስኻ ክትስዓር ምውሳን ማለት እዩ።

*መደምደምታ*

ነዚ ኹሉ ሓሳባት ድሕሪ ምርኣይ፡ ይቕሬታ ኣብ ምግባር ዝሕግዙና ኣገደስቲ ሓሳባት ጸሚቑና ብምርኣይ እንተደምደምናዮ ዝበለጸ እዩ።

እግዚኣብሄር ኣብቲ መከራ ስለዝተዋስአ ግን እቲ መከራ ናብ ራህዋ ዘደይብ መሳልል ኮይኑሉ። ንሳቶም ብኽፍኣት እኳ እንተገበርዎ እግዚኣብሄር ግን ኣብ ውሽጢ እቲ ክፍኣቶም ንጽቡቑ ይዓዪ ስለዝነበረ፣ ዮሴፍ'ውን ነዚ ኣጸቢቑ ስለ ዘስተውዓሎ በቲ በደል ኣሕዋቱ ልቡ ኣተጎድአን።

1. ኩሉ ተግባር ካብቲ ገባሪኡ ጥራይ ዝምንጩ ኣይኮነን። ካብ ኣምላኽ እምበር ካብ ሰብ ጽቡቕ የለን። ካብ ሰይጣን እምበር ካብ ሰብ ሕማቕ የለን። ስለዚ ሰብ ጽቡቕ እንተገበረልካ ንኣምላኽ ኣመስግን፣ ክፉእ እንተገበረካ ድማ ነቲ ዝደረኾ ሰይጣን ኩንን። እዚ ምሕረት ንምግባር ዘዐውተካ ብሉጽ ኣጽዋር እዩ።

2. ካብ ሰብ ጽቡቕ ምርካብ ክም መሰል ጌርካ ኣይትውሰዶ። ከምቲ እግዚኣብሄር 'ሰብ ካብ ንእስነቱ፣ ኣትሒዙ ክፉእ እዩ ስለዚ መንፈሰይ ንሓዋሩ ምስ ሰብ ኣይጸረርን' ዝበለ ንስኻ'ውን ነዚ ሓቂ እዚ ተገንዘቦ። ካብ ሰብ ጽቡቕ ምርካብ ከም መሰል ጌርካ እንተወሲድካዮ፣ ክትስእኖ ከለኻ መዓልቲ ከሕምመካ እዩ። ንይቕሬታ ዝኸውን ልቢ ከስእነካ እዩ።

3. ካብ ሰብ ክፉእ ክትረክብ ከም ንቡር ጌርካ ውሰዶ። ንጽቡቕ ክገብርዎ እናደለዩ ዝኣብዩዎም፣ ነቲ ዘይደልይዎ ክፉእ ዝገብሩ ብዙሓት እዮም። እቲ ንሄዋን ዘሰሓተ ናይ ጥንቲ ተመን ሎሚ'ውን ኣሎ። ስርሑ ድማ ኣብ እም በለስ ጥራይ ዝተሓጽረ ኣይኮነን። ነቶም ብእኡ ዝተለኸፉ ደንግጸሎም እምበር ንሳቶም ተመን መሲሎካ ርእሶም ኣይትጨፍልቕ።

4. ንስኻውን ሰብ ኢኻ እሞ ብግዴኻ ንኻልእ ሰብ፣ እንተወሓደ'ውን ነቲ ሓደ ኣምላኽ ክትብድል ከምእትኽእል ኣይትዝንግዕ። እቲ ኣባኻ ዘሎ ድኻም ኣባታቶም'ውን ከምዘሎ ተረድኣሎም።

5. ነቲ ሰባት ኣብ ልዕሌኻ ዝፈጸምዎ በደል ኣይተስተንትኖ ኣይተስተማቕሮ። መዓር እኳ መመሊስካ እንተለሓስካዮ እናመረረ እዩ ዝኸይድ። ካብ ዝገበረካ ክፉእ ዝገበረልካ ጽቡቕ ምስትምቃር፣ ንሕድገት ይረድእ እዩ። ነቲ ኣምላኽ ኣብ ልዕሌኻ ዝገበሮ ምሕረትን፣ ነቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ናይ ምሕረት ኣብነታትን ኣስተንትን።

# ኒቆዲሞስ፡ ሕቡእ ጋሻ!!

ኢየሱስ ኣገልግሎት ብምጅማሩ፡ ኣቓልቦ ናይ ብዙሓት ሰባት ስሒቡ እዩ። ብምሉኡም ኣይሁድ ከኣ ብዛዕባኡ ክፈልጡ ህንጡያት ነበሩ። እቶም መራሕቲ ኣይሁድ'ውን፡ "ንሱ ብሓቂ ነብይ ኣምላኽ ደኾን ይኸውንም" እናበሉ ይግረሙ ነበሩ። ሓደ ካብኣቶም ኒቆዲሞስ ዝስሙ ፈሪሳዊ ሰብኣይ፡ ብዛዕባ ኣገልግሎቱ፡ ተወሳኺ ሕቶታት ንኸሓቶ ብለይቲ ናብኡ መጸ። መጽሓፍ ቅዱስ፡ ንኒቆዲሞስ ከም ፈሪሳውን መራሒ ኣይሁድን ገይሩ ይገልጾ። ካብዚ እንርድኦ፡ ኒቆዲሞስ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ናይ ሕጊ ሙሴ ተጣበቕቲ ምንባሩ እዩ።

ኒቆዲሞስ፡ ኢየሱስ ካብ ኣምላኽ ዝተላእከ መምህርን ተኣምራቱ ከኣ ዘይከሓድ ሓቂ ምዃኑን ተኣሚኑ እዩ። ጐይታ ምስዚ ናይ ሃይማኖት መራሒ'ዚ ካልእ ዕላል ካብ ምዕላል ብቐጥታ ናብቲ ቀንዲ ቁም ነገር እዩ ኣትዩ። ናይ ዘልኣለም ህይወት ክረክብ፡ ናይ ግድን እንደገና ክውለድ ከም ዘለዎ ነገሮ። እዚ ንሓደ ብግምት ክልተ ዕጽፊ ዕድመ ናይ ኢየሱስ ዘለዎ ናይ ሃይማኖት መራሒ ኣዝዩ ዘሰንብድን ዘስደምምን ኣዘራርባ እዩ ነይሩ።

ኒቆዲሞስ ናይ ኢየሱስ ዘረባ ደንጽዩዎ፡ "ከመይ ኢሉ ሓደ ሰብ እንደገና ናብ ከብዲ ኣዲኡ ኣትዩ ክውለድ ይኽእል፧" ኢሉ ሓተተ። ኢየሱስ ነዚ ሓሳብ እዚ ክብርሆ ከሎ፡ ብዛዕባ ካብ መንፈስ ዝኸውን መንፈሳዊ ልደት ከም ዝተዛረበ ይገልጸሉ። ብኸምዚ ኣብ መንጎ ባህርያውን መንፈሳውን ልደት ዘሎ ፍልልይ የርእዮና (እቲ ሓደ 'ካብ ማይ' እቲ ካልኣይ ድማ 'ካብ መንፈስ')።

ከምቲ ብዙሕ ጊዜ ዝገብሮ ኢየሱስ ነቲ ኒቆዲሞስ ብኽናፍሩ ዝተዛረቦ ሕቶ ጥራይ ዘይኮነስ ነቲ ናይ ልቡ ሕቶ'ውን እዩ መሊሱሉ። ጐይታ ኢየሱስ እዚ ናይ ሃይማኖት መራሒ'ዚ ንተራ ዝርርብ ኢሉ ከም ዘይመጸ ይፈልጥ ነይሩ። ከም ሓቂ ነቲ ዝነበሮ ስምን ዝናን ኣብ ሓደጋ ኣእትዩ እዩ ንጎይታ ደልይዎ። ናይ እስራኤል መሲሕ ብርግጽ ንሱ እንተ ኾይኑ ክፈልጥ ብልቡ ሃንቀው ኢሉ ነበረ።

ሓደ ሓደ ሰባት፡ ናይ ኒቆዲሞስ ብለይቲ ምምጻእ ከም ፍርሒ ወይ ሕፍረት ጌሮም ይገልጽዎ። ኣነ ግን "ንሓቂ ንምፍላጥ ዝነበሮ ድሌትን ህንጡይነትን እዩ" ኢለ እኣምን። ኢየሱስ ዝበዝሕ ናይ ቀትሪ ግዜኡ ክምህር (ከገልግል) የሕልፎ ስለ ዝነበረ፡ እቲ ምቹእ ናይ ብሕትን ጽምዋን ጊዜኡ ምሸት እዩ ክኸውን ዝኽእል። ምናልባት እዚ ፈሪሳዊ'ዚ ኢየሱስ ሽዓ መዓልቲ ክሰብኽ ከም ዝወዓለ ሰሚዑ ይኸውን። ስለዚ በቲ ሓቂ ንምፍላጥ ዝነበሮ ብርቱዕ ድሌት ተደሪኹ፡ ብውልቂ ምስዚ ነብዪ'ዚ ክራኸብ ወሰነ። ኣብ ልቢ ኒቆዲሞስ ዝነድድ ዝነበረ ጉዳይ ኢየሱስ ብሓቂ ንሱ ከምቲ ዝበሎ እንተ ኾይኑ ምፍላጥ እዩ ኔሩ።

## ውልቃዊ ዝምድና

ኣብ መጀመርታ፡ እዚ ኣይሁዳዊ መራሒ'ዚ፡ "... ንስኻ መምህር ኬንካ ካብ ኣምላኽ ከም ዝመጻእካ ንፈልጥ ኢና" ኢሉ መስከረሉ (ዮሃ 3:2)። ኣብዚ ዘረባዚ ኩሉ ግዜ ንኣቓልቦይ ዝስሕብ ነገር ኒቆዲሞስ 'ንሕና' እናበለ ምዝራቡ እዩ። ማለት ናይ ኢየሱስ ኣገልግሎት ካብ ኣምላኽ ምዃኑ ናይ ዝኣምኑ ዝተወሰኑ ጉጅለ ፈሪሳውያን ወኪሉ ይዛረብ። ይኹን እምበር ጐይታና ንኒቆዲሞስ፡ ንተም ኣዕሩኽቱ፡ ክጽውዖምን እንደገና ንኽውለዱ ክነግሮምን ኣይኣዘዞን። እንታይ ደኣ፡ ጐይታ ናብ ኒቆዲሞስ ኣተኲሩ ንሱ እንደገና ክውለድ ከም ዘለዎ እዩ ነጊርዎ።

ናይ ኢየሱስ ቃል፡ ንእዚ ናይ'ዚ ኣይሁዳዊ መራሒ፡ ኣገሪምዎ እዩ። ግደ ሓቂ፡ ኒቆዲሞስ ጥዑይ ሰብ እዩ ነይሩ። ሕጊ ኣምላኽ የፍቅርን ይሕሉን ነበረ። ንሱ ንናይ ኣምላኽ ሓቂ ዝኸውን ልቢ ስለ ዝነበሮ ትምህርቲ ናይ ክርስቶስ ሰሚዑ እዩ። ዋላ'ኳ እዚ ኹሉ ብልጫታት እንተ ነበሮ፡ ምስ ኣምላኽ ግቡእ ግላዊ ዝምድና ኣይነበሮን። ኒቆዲሞስ ናይቶም ንቤተክርስትያን ዝኸዱ ትሑታት ናይ ሃይማኖት ሰባት፡ ብመንፈስ ግን ነቲ ቀዳማይን መሰረታውን ውልቃዊ ዝምድና ምስ ኣምላኽ ናይ ዘይበጽሕዎ ሰባት ዓይነታዊ ኣብነት እዩ።

ምናልባት ኣብ ኣመንቲ ቤተሰብ ዓቢኻ፡ ንቤተክርስትያን'ውን ካብ ንእስነትካ ትመላለስ ኔርካ ትኸውን። መንግስቲ ኣምላኽ ንምእታው ኣብ ስድራኻን ቤተክርስትያንካን ተወኪልካ ትኸውን። ብውልቅኻ ግን ምስ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝኾነ ዓይነት ርክብ ዘይብልካ ትኸውን። እዚ ሓቂ እንተኾይኑ፡ እቲ ቀዳማይ መሰረት፡ ምስ ኣምላኽ ክህልወካ ዝኽእል ሕብረት ኣይተንከፍካዮን ኣለኻ ማለት እዩ። ንክርስቶስ ክይፈለጥካ፡ ንቤተክርስትያን ምምልላስ ኣዚዩ ቀሊል እዩ። ጥዑይን ቅቡልን ስነ ምግባር ሃልዩካ፡ ግናኸ ብውሽጥኻ ክይተለወጥካ ምንባር'ውን ይከኣል እዩ።

ሓደ ካብቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ፡ ነፍሲ ወከፍና ክንፈልጦም ዝግባእ ሓቅታት፡ ድሕነት ግላዊ ውሳኔ እዩ። ኣቦኻ ከድሕኑካ ኣይክእልን። ኣዴኻ ክተድሕኑካ ኣይትኽእልን። ጐረቤትካን ኣዕሩኽትኻን ክድሕኑኻ ኣይክእሉን። ብውልቅኻ ካልኣይ ብምውላድ ምስ ኢየሱስ እትምስርቶ ዝምድና ጥራይ እዩ ከድሕነካ ዝኽእል። ብሓቂ ከም ዝደሓንካ እትፈልጥ ፊት ንፊት ብእምነት ኣብ ቅድሚኡ ደው ምስ እትብል እዩ።

ኢየሱስ፡ ምእንቲ ሓጢኣት ዓለም ተሰቂሉ ምማቱ፡ ምፍላጥ ጥራይ እኹል ኣይኮነን። ዕዳ ሓጢኣትካ ክፈሉ ኣብ ክንዳኻ ብሙማቱ፡ ምሕረት ከም ዝረኸብካ፡ ሓድሽ ዘልኣለማዊ ህይወት ከም ዝተቐበልካ ብልብኻ ኣርጊጽካ ክትፈልጥ ይግባእ።

## ነባሪ ውጽኢት

ባህርያዊ ልደት ጊዜያዊ እዩ። መንፈሳዊ ልደት ግን ዘልኣለማዊ እዩ። ኢየሱስ ባዕሉ፡ ብእኡ ዝኣመነ ናይ ዘልኣለም ህይወት ከም ዝረክብ እምበር ከም ዘይጠፍእ ቃል ኣትዩልና እዩ (ዮሃ 3:16)። ሓንሳእ ካብ መንፈስ ቅዱስ ምስ ተወለድና፡ ንዘልኣለም ዝነብር ህይወት ንረክብ። መጽሓፍ ቅዱስ ደጋጊምና

ክንውለድ ከም ዝግባእ ዝምህረና ክፍሊ የብሉን። ሓንሳእ ካልኣይ ጊዜ ምስ ተወለድና፣ ንምድሓንና ከጥፍኦ ዝኽእል የለን። ልክዕ ከምቲ ብስጋ እንደገና ናብ ሆስፒታል ኬድካ ናብ ከብዲ ኣዴኻ ክትምለስ (ክእቶ) ዘይከኣል እዩ።

ካብ መንፈስ እንደገና ክይተወልዱ፣ ንክርስቶስ ዝሰብክዎ ሰባት ክህልዉ ይኽእሉ። ንሳቶም ካብ መጀመርታ'ውን ብሓቂ ስለ ዘይኣመንዎ፣ ነቲ ኣሚንናዮ ዝበልዎ ኣብ መወዳእታ ኣንጸሩ ክኸዱ ዝከኣል እዩ። ኣብቶም ብሓቂ እንደገና ዝተወልዱ ሰባት'ውን ናይ ውድቀት ጊዜ ኪጋጥም ይኽእል እዩ። ግናኸ እቶም ብሓቂ ዝደሓኑ ሓጢኣት ምግባር ኣይቅጽሉን እዮም።

<u>እቶም ናይ ክርስቶስ እምነት እናሰበኹ፣ ኣብ ቀጻሊ ሓጢኣት ዝነብሩ፣ በቲ ዘይምእዙዝ ተግባሮም ህይወቶም ንዕኡ ከም ዘይወፈዩ የርእዩ ኣለዉ።</u> እናፈለጡ ብመንፈስ እሙናት ዘይምዃኖም ከኣ፣ ትረ ልቦም እዩ ዘርእየና። በቲ ሓደ ወገን እቶም ናይ ሓቂ ኣመንቲ፣ ናብ ምሉእ (ፍጹም) ንስሓ ክሳዕ ዝበጽሑ፣ ብናይ ሰማይ ኣቦኦም ይእረሙ። ፣ካብ ኣምላኽ ዝተወልደ ዘበለ ዘርኡ ኣብኡ ይነብር እዩ እሞ ሓጢኣት ኣይገብርን እዩ፣ ካብ ኣምላኽ ስለ እተወልደ'ውን ሓጢኣት ክገብር ኣይከኣሉን እዩ፣ (1ዮሃ 3፣9)።

ጐይታና ኢየሱስ፣ ነዚ ሓቂ'ዚ "ዝልኣለማዊ ህይወት" ብእትብል ቃል ይገልጾ። "ብእኡ ዝኣምን ናይ ዘልኣለም ህይወት ይረክብ እምበር ኣይፍረዶን።" ይብል (ዮሃ፣ 3፣11-17)። ዝኾነ ዓይነት ህይወት ጠፋኢ እንተ ኾይኑ ዘልኣለማዊ ኣይኮነን። <u>ስለዚ ሓደ ሰብ ድሕነቱ እንተ ኣጥፊኡ ወይ መንፈሳዊ ነፍሰ-ቅትለት እንተ ፈጺሙ፣ ንዘልኣለማዊ ህይወት ናብ ጊዜያዊ ህይወት ቀኒሱ፣ ንስራሕ ጐይታ የቃልሎ።</u>

## ናይ ፍቕሪ ህያብ'ዩ

ብፍቕሪ ዝወሃብ ብምዃኑ፣ መንፈሳዊ ልደት ምስ ስጋዊ ልደት ይመሳሰል። ካብ ናይ ሰብ ፍቕሪ፣ ኣደ፣ ሓድሽ ንዝወለደቶ ቆልዓ ክትህቦ ካብ እትኽእል ፍቕሪ ዝዓቢ ኣብ ዓለም እንታይ ዓይነት ፍቕሪ ኣሎ፧ ነቲ ቖልዓ ዝኸውን ፍቕርን ኣቓልቦን ምቾትን ክትህብ፣ ዘለዋ ኩሉ ትውፊ፣ ነቲ ቆልዓ ካብ ዘለዋ ፍቕሪ ዝተላዕለ፣ ጸገም ናይ ጥንስን፣ ቃንዛ ናይ ሕርስን ትጻወሮ።

ኢየሱስ'ውን ንዓና ልክዕ ከምኡ እዩ ገይሩልና። ኣብ መስቀል ፍቕሩ ገሊጹልና። ምእንቲ ሓጢኣትና ተኸቲኪቱ። ንሕና ስለ ዘይተኣዘዝና፣ ንሱ ኣብ መስቀል ተሸንኪሩ። ኣብ ክንዳና ተሳቕዩን ሞይቱን። ንሕና ምእንቲ ክንመሓርን ካብ ኩሉ ነጻ ክንከውንን፣ ነቲ ብሰሪ ሓጢኣትና ዝመጸ ቍጥዓ ኣምላኽ፣ ኣብ ነፍሱ ክወርድ ፈቐደ።

ከምቲ ኢየሱስ ገይሩ ዘፍቀረካ፣ ካልእ ዋላ ሓደ ኣየፍቀረካን፣ ክፍቅረካ'ውን ኣይክእልን። ንዓኻ ዘለዎ ፍቕሪ ንኽገልጽ፣ ክንድቲ ኢየሱስ ዝተጓዕዞ ርሕቀት ክኸይድ ዝኽእል ዋላ ሓደ የለን። ከምቲ ኢየሱስ ዝሀበካ ናይ ዘልኣለም ህይወት፣ ካልእ ከምኡ ክህበካ ዝኽእል ዋላ ሓደ የለን። ከምቲ ኢየሱስ ገይሩ ንህይወትካ ዝለወጠ፣ ካልእ ከምኡ ገይሩ ክልውጠካ ዝኽእል ዋላ ሓደ የለን። ዋላ ሓደ!!!

አብ 1700 ዓ.ም.፡ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ጆን ኒውተን ዝበሃል ሰብኣይ ይነብር ነበረ። ከም መንእሰይ፡ ሓይሊ ባሕሪ ናይ ንጉሳዊ ቤተሰብ ክኸውን ሰልጠነ። ደሓር ግን ንዕኡ ገዲፉ፡ ኣዘዚ (ካፕቴን) ናይ ሓንቲ ካብ ኣፍሪቃ ባሮት እተመላልስ መርከብ ኮነ። ንዓመታት ሰባት ናብ ዓዲ እንግሊዝ ነገደ። ጆን ኒውተን ሓጥእን ፍንፉንን ብልሹውን ሰብ እዩ ነይሩ። እዚ ኮይኑ ግን፡ ኣብ 1748 ማዕበል ኣብ ዝነበረሉ ምሸት፡ ጆን ኒውተን፡ ብብሕቱ፡ ምስ ጐይታ ኢየሱስ ንናይ ዘልኣለም ድሕነት ተራኺቡ።

ብዝሓለፈ ህይወቱ ተነሲሑ፡ ብናይ ክርስቶስ ፍቕሪ ትሕት ኢሉ፡ ብሓድሽ ልደቱ ኣዚዩ ተሓጐሰ፡ ጆን ኒውተን፡ ነዚን ዝስዕባ ናይ ምስክርነት ቃላቱ ጸሒፍወን።

*ዘደንቕ ጸጋ፡ ክንደይ ጥዑም ድምጺ*
*ሰሚዐ*
*ንኸማይ ሓጥእ ሰብ ዘድሕን ሰብ*
*ንምርካብ በቒዐ*
*ሓንሳእ ጠፊአ ነይረ ሕጂ ግን ተኣኪበ*
*ዓይነ ሰውር ነይረ፡ ሕጂ ግን ምርኣይ*
*ረኺበ።*

*ንዓኻ ዘለዎ ፍቕሪ*
*ንኽገልጽ፡ ክንድቲ*
*ኢየሱስ ዝተጓዕዞ*
*ርሕቀት ክኸይድ*
*ዝኽእል ዋላ ሓደ*
*የለን።*

ሓድሽ ልደት፡ ናይ ኣምላኽ ፍቕሩን ጸግኡን ኣባና ዝግለጸሉ፡ ብክርስቶስ ሓድሽ ህይወት እንረኽበሉ ምቹእ ኣጋጣሚ እዩ። ልክዕ ከም ናይ ጆን ኒውተን፡ እቲ ዓብይ ጸጋ ኣምላኽ ካብ ኩሉ ሓጢኣትና የንጽሃና። ዕዳና ኩሉ ከፊሉልና እዩ። ልብና ነጻ ወጺኡ። ናይ ሕጂ ጌጋና ተሓዲጉልና እዩ። ዋላ ናይ መጻኢ ሓጢኣትና'ውን በቲ ዝመሓረናን፡ ዘንጽሃናን ሓደስቲ ዝገበረናን ምሕረት ኣምላኽ ተደምሲሱ እዩ።

## ሓድሽ ምዕራፍ

መጻኢ ናይ ሓድሽ ዝተወልደ ኣማኒ፡ መሰረታዊ ለውጢ ይገብር እዩ። ልክዕ ከምቲ ሓድሽ ዝውለድ ህጻን መጻኢ ህይወቱ ኣብ ቅድሚኡ ዝጸንሖ፡ ከምኡ'ውን ከም ብሓድሽ ዝተወልደ ክርስትያን፡ ናብ ሓድሽ ቤተሰብ ይጽንበር – ናይ ኣምላኽ ቤተሰብ። ንሱ ሓድሽ ርስቲ ኣለዎ፡ ንክርስቶስ መዋርስቱ ድማ ይኸውን። ናይ መወዳእታ ምዕራፉ ኸኣ ኣብ ሰማይ ይኸውን።

ሃዋርያ ጳውሎስ ነቲ ብክርስቶስ እንረኽቦ ሓድሽ ህይወት ኣመልኪቱ ክገልጽ ከሎ፡ "ሓደ እኳ ብክርስቶስ እንተ ኣልዩ ንሱ ሓድሽ ፍጥረት እዩ፡ እቲ ብሉይ ሓሊፉ እንሆ ኩሉ ሓድሽ ኮይኑ" (2ቆረ:5:17) ይብለና። ሓደ ሰብ እንደገና ክውለድ ከሎ፡ ኩሉ ነገሩ ናብ ጽቡቕ ክቕየር ይጅምር። ንሱ ሓድሽ ህይወት ምስ ሓድሽ ሓሳብን ዕላማን ይህልዎ። ንርእሱ ምንባር ኣቋሪጹ፡ በቲ ፈቃር ሰማያዊ ኣቦ ክምራሕ ይጅምር።

"ኩሎም ሰባት ደቂ ኣምላኽ እዮም" ዝብሃል ኣተሓሳስባ ኣሎ። እዚ

ከም ሓሳብ ጽቡቕ እዩ። ግናኸ ኣብ ሓቂ መጺኡካ ከምኡ ኣይኮነን። ወዲ ኣምላኽ ንምኺን ብግዲ ካብ ኣምላኽ ምውላድ የድሊ። ሽዑ ጥራይ እዩ ኸኣ ኣምላኽ ሰማያዊ ኣቦ ዝኾነካ። ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ኢየሱስ፡ ንፈሪሳውያን "ኣቦኹም ዲያብሎስ እዩ" ኢልዎም እዩ (ዮሃ፡8፡44)። ካብዚ ናይ ክርስቶስ ኣበሃህላ እንርድኦ ሰይጣን'ውን ናቱ ደቂ ከም ዘለውዎ እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ከም ዝነገረና፡ ብዘይ ክርስቶስ ኩልና ብባህርይና 'ደቂ ቍጥዓ' ከም ዝኾንና እዩ (ኤፌ 2፡3)። ግናኸ እቲ ብምሕረት ሃብታም ዝኾነ ኣምላኽ ምእንቲ እታ ብእኣ ዘፍቀረና ዓባይ ፍቕሩ፡ ነቲ ብኢየሱስ ክርስቶስ ዝርከብ ግላዊ ድሕነት ኣስተማቕሮና፡ ሓድሽ ፍጥረት ክንለብስ ኣብቀዓና።

መልእኽቲ ወንጌል፡ ኣምላኽ ንሓደ ወዱ ምእንቲ ሓጢኣትና ክመውት ብምልኣኹ፡ ብኣዝዩ ብሉጽ ፍቕሪ ከም ዘፍቀረና፡ ናቱ ቤተሰብ ክንኮውን ናብ ሓድሽ ህይወት ከም ዝዓደመና ዝሕብር እዩ። ኣብ ራእ፡3፡20 ከምዚ ዝስዕብ ይብል፡ ፣እንሆ ኣብ ደገ ቤት ደው ኢለ ኳሕ ኳሕ ኣብል ኣለኹ፡ ሓደ እኳ ድምጸይ ሰሚዑ ማዕጾ እንተ ኸፊተለይ፡ ናብኡ ክኣቱ ምስኡ ክድረር እየ ንሱ'ውን ምሳይ፣ ። ኢየሱስ ኣብዚ ብንጹር ንነፍሲ ወከፍና ናብዚ ዝምድና'ዚ ይዕድመና።

ኣብ ግዝኣት ንጉስ ኤድዋርድ 8ይ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ዝተፈጸመ ታሪኽ ኣሎ። ሓደ መዓልቲ እቲ ንጉስ ድኻታት ኣብ ዝቕመጥሉ፡ ብታኒካታት ኣብ ዝተሰርሑ ገዛውቲ ናይታ ኸተማ ክበጽሕ መደበ ይበሃል።

በቲ ጐደናታት ብሰረገላ እናተጓዕዘ፡ ነቶም ድኻታትን ለማኖን ምስ ረአዮም፡ ልቡ ብድንጋጸ መልአ። ነቲ መራሒ ሰረገልኡ ናብቲ ኣዝዩ ዝደኸየን ዝተናዕቀን ሰብ ናይታ ከተማ ክወስዶ ኣዘዞ። እቲ ንጉስ፡ "እነ ነዚ ሰብ እዚ ጽቡቕ ክገብረሉ፡ ከምሕሮን ካብ መንግስተይ ከኣ ክመቕሎን እየ" በለ። እቲ መራሒ ሰረገልኡ፡ ብዛዕባ ሓደ ብዙሕ ጊዜ ዝተኸሰሰን ብመብዛሕትኡም ደቂ እታ ከተማ ዝተገለለን ሰብኣይ ሰሚዑ ነበረ። ነታ ናይ ንጉስ ሰረገላ ናብ ናይ'ዚ ሰብኣይ'ዚ ኣፍደገ መሪሑ ደው ኣበላ። ንጉስ ካብ ሰረገላ ወሪዱ ማዕጾ ኳሕ ኳሕ ኣበለ። እቲ ኣብ ውሽጢ ዝነበረ ሰብኣይ ግን፡ "መን ምኻንካ ብዘየገድስ፡ ተመለስ፡ ካብ ኣፍ ደገይ ርሓቕ" እናበለ ጨደረ። እቲ ንጉስ ዘረባ ናይዚ ሰብኣይ ሰሚዑ፡ ንድሕሪት ተመልሰ። ነቲ ኣብ ማዕጽኡ ዝኳሕኰሖ ስለ ዘይከፈተ ጥራይ፡ እዚ ድኻ ሰብኣይ፡ ንጉስን መንግስቱን ኣምለጦ።

ኢየሱስ ምናልባት ማዕጾ ልብኻ ይኹሕኵሕ ይህሉ። ንሱ እንተደኣ ኸይኑ፡ ናብ ህይወትካ ክኣቱ ኣይትፈቕደሉን'ዶም ንሱ ብፍቕሪ ይኹሕኵሓካ፡ ክሳዕ ትኸፍተሉ ድማ ብትዕግስቲ ይጽበየካ። ካብ ኩሎም ጉዳያት ናይ ልብኻ፡ ካብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ዝዓቢ ጉዳይ ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ምኽንያቱ ናይ ዘልኣለም መዓልቦኻ፡ ብዚ መልሲ እዚ ስለ ዝውሰን። ሎሚ ንጐይታ ኢየሱስ ብኣዎንታ'ዶ ምመለስካሉ:

ኣምላኽ ይሓግዝካ!!!

